ሕዳስ ኤርትራ

መበል 28 ዓመት ቁ. 68 | ሰንበት 18 ሕዳር 2018 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ኣብ ዙረት ባጽዕ

ገጽ 3
ታሪኻውያን ቦታታት . . .

ገጽ 6
ርእሰ ምትእምማንካ ንምሕያል

ገጽ 6
ክምርዓዋ ዶ?

ገጽ 7
ዋንጫ ኣፍሪቃ - ኣስመራ 2018



ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ መልእኽቲ ፕረዚደንት ኡሁሩ ኬንያታ ተቐቢሎ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ትማሊ 17 ሕዳር፡ ካብ ፕረዚደንት ሪፓብሊክ ኬንያ ኡሁሩ ኬንያታ ዝተላእከ መልእኽቲ ተቐቢሎ።

ኑቲ መልእኽቲ ናብ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ዘብጽሖ ብዋና ዳይረክተር ሃገራዊ ጸጥታ ዝተመርሐ ጉጅለ ልኡኽ ኬንያ'ዩ።

ፕረዚደንት ኡሁሩ ኣብ መልእኽቱ "መራሕቲ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ መንነ ሃገራተም ሰላም ንምስፋንን ዞባዊ ምትሕብባር ንምድጋፍን ብዘወሰድዎ ተባዕ ስጉምቲ ንክልተኣም መራሕትን ንህዝቦታተምን - የቐንዩ" ኢሉ።

ፕረዚደንት ኡሁሩ ብዘወሃቦ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ኬንያ ዑደት ኮቪድ ዕድመ ኣቕረበ።

ሚኒስትሪ ፍትሒ፡ ትካላዊ መሳርዑ ንምሕያል ይሰርሕ

ሚኒስትሪ ፍትሒ፡ ትካላዊ መሳርዑ ኣብ ምትዕርራይን ምሕያልን ይሰርሕ ከምዝሎ፡ ሚኒስተር ፎወዝያ ሃሸም ምስ ሰራሕተኛታት ትካላት መንግስትን ምምሕዳራትን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ዝገበሩዎ ርክብ ገሊጹ።

ብ13 ሕዳር ኣብ ከተማ ባጽዕ ኣብ ዝተኻየደ ርክቡ ሚኒስተር ፎወዝያ፡ ትካላት ኮማዊ ኣብያተ-ፍርዲ መድረኽ ዝጠልቦ ብቕዓትን ኣቃውማን ክህልወን እዋናዊ ዕጭ ናይቲ ሚኒስትሪ ኮይኑ ከምዝሎ ብምሕብር፡ ኣብ መንነ ትካላት ፍትሒ - ቅርጠው ናይ ሰራሕ ዝምድናታትን ስለጥ ሰርዓተ-ሓበሬታን ንምፍጣሩ ብዘለዎ ይሃቦ ከምዝሎን ጸበቕቕ ወጽኢት ይርከቦ ምህላዉን ኣረዳኢ።

ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ ሕጊ ንምዕባይ እውን ብመንገዲ ማዕከናት ዘናን ካልእ ኣገባባትን ኣስተምህሮታትን ሰሚናራትን ክወሃብ ምጽንሑ ዝጠቐሰት ሚኒስተር ፎወዝያ፡ ብመሳረት ኣዋጅ ቁጽሪ 167/2012 ኣብ ክሊ ስልጣን ኣብያተ-ፍርዲ ምትዕርራይ ተገይሩ ከምዝሎ ገሊጹ።

በዚ መሳረት - ክርክር ኣብ ሓዳር፡ ምርግጋጽ ወርሲ፡ ጉዳይ ኣካራይን ተኻራይን ከምኡ'ውን ቀለልቲ ገበናት ኣብ ክሊ ስልጣን ኮማዊ ኣብያተ-ፍርዲ ኮይኖም ከምዝለዉ ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ብሪጋዲር ጀነራል ተኽለ ልብሱ፡ ኮማዊ ኣብያተ-ፍርዲ - ህዝቢ ጉዳያቱ ብቐረባ ንኽፈትሕ ዓቢ ኣበርክቶ ክህቦ ምጽንሐን ብምዝገትኻ፡ ህዝቢ ብቕንዕና ዘገልግልዎ ኣሰልዩ ክመርጽ፡ ከምኡ'ውን ዝመናት ዘሰባሪና ሃብታም ባህልን ሰራምባርን ክዕቅብን ንደቁ ከውርሰን ኣተሓሳሲቡ።

መዓልቲ ሽኮርያ ብደረጃ ሃገር ኣብ ባጽዕ ተዘኪሩ

ኣህጉራዊ መዓልቲ ሽኮርያ - 14 ሕዳር፡ "ሰድራብትን ሕማም ሽኮርያን" ብዘብል ቴማ፡ ብደረጃ ሃገር ኣብ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ተዘኪሩ።

ኣቦመንበር ሃገራዊ ማሕበር ሽኮርያ ዶክተር ጎይትኦም ሙበራሃቲ፡ ሕማም ሽኮርያ ሓደ ካብቶም ቀንዲ ብድሆታት ጥዕና ዓለም ናይ መባል 21 ክፍሊ-ዘመን ኮይኑ ምህላዉ፡ ዘድሊ ስጉምቲ እንተደኣ ዘይተወሰዱ ከኣ እቲ ኣብዚ ግዜ'ዚ ብደረጃ ዓለም 382 ሚልዮን ዘሎ ቁጽሪ ሕመማት፡ ኣብ 2035 ናብ 582 ሚልዮን ክብ ክብል ከምዝኽእል፡ መጽናዕትታት ብምጥቃስ ሓቢሩ።

ኣብ ሃገርና እውን ቁጽሪ ሕመማት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሰኸ ይኸይድ ከምዝሎ ዝሓበረ ዶክተር ጎይቶኦም፡ ንሕመማት ሽኮርያ ናጻ ኣገልግሎትን መድሃኒትን ከምዝወሃቡ፡ በዚ ድማ ኤርትራ ኣብ ኣፍሪቃ ብኣብሶት ካብ ዝጥቀሳ ሃገራት ከምዝኾነት ኣረዳኢ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ብዘዕባ ባህርያት ሕማም ሽኮርያ፡ ክወሰዱ ዝኽእሉ መድሃኒታት፡ ክብዘወተሩ ዘለዎም ዓይነታት መገዲን ስፖርትን ንክትትል ሕክምናን ካልእን ዘጠቓለለ ሙብርሂ ተዋሂቡ።

ኣህጉራዊ መዓልቲ ሽኮርያ፡ ብደረጃ ዓለም ንመባል 28 ግዜ፡ ብደረጃ ሃገር ድማ ንመባል 18 ግዜ ኣ ተዘኪሩ።

ሰ/ኢብራሂም ዑመር

ዳዮሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

ኣብ ዙረት ባጽዕ

31 ነሓሰ 2018

“ጽባሕ ናብ ባጽዕ ክወርድ እየ፣ እዚ ቀዳመ ሰንበት ኣይንራኽብን ኢና፡ ” በልኩዎም ንዓርከይን ዝምድናኣ ዘይነጸርለይ ፈታዊትናን። ክልተኦም ሃንደበት ኩይትዎም “ከመይ ከመይ?” ዘሰምዕ ኣጠማምታ ጠመቱኒ። ንሱ ወዲ ስርሒይዩ፣ ንሳ ኸኣ ምስ ክልተና ወትሩ ስለ ዘላ ብዕላልና ዋራይ ንሰራሕና ፈሊጣቶ እያ።

“ምስ ደቂ ስራሕና ሓንቲ ማሕበር ኣላትኒ። ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ብፍሉይ ሓቢርና ስለ እነውዕሎ ንሎሚ ባጽዕ ክንከይድ ተመሪጹ።” በልኩዎም ኣሕጺረ። ንሱ “ክላእ!” ብምባል ኢዱ ጸግ ኣበለለይ።

“ንስኻኸ?” በሉቶ ንዓርከይን መሳርሕተይን።

“ኣየይ … ምስ መን?”

“ንሱ ደኣ እንታይ ኣሎዎ በይኑ ይኸይድ ኣሎ?”

“እንታይ ይመስለኪ … ኣብዛ ማሕበርና ዝብላ ዘሎ ሕጂ እንድዩ ተሓዊሱዋ፡ ኮሎም ኣብኣ ዘለዉ ዓበይቲ እዮም። ዝበዝሑ ኸኣ ሓለፍቲ እዮም። መዓልታዊ ትንፋስና እናሕለፉናስ ኣብቲ ክትዘናጋዓሉ እትኸደሉ ግዜ ኸኣ ምስኦም ተጨኒቕ ከሕልፎ? እንታይ ገበርኩኺ ጓለይ።”

ንሳ ዓይና ኣፍጠጣ ጠመተትኒ። ደረታ ኣበይ ምኳኑ ክሳዕ ዝተሓዋወሰኒ’የ ኩይነ። ኣነ ፈታው ነጸነት እየ። ዝምድናይ ኮሉ ኣበየ ሽነኹ ነጸነተይ ዝርድኣለይ ክኹነለይ እብህግ። ኣነ’ውን ብዘይርድኣኒ መገዲ ዝዓበየ ባህረይ ሓጊዙኒ ምስ ለገብኩ’የ ዘይገድፍ እምበር ሃንደራእ ኢለ ተሓዋሳይ ኣይኮንኩን። እዚኣ ግን በዮን ለገባ እንድዒ ክንዲ’ዚ ኣብ ህይወትና ክትኣቱ ምድላያ መወዳእታኡ ናበይ ከም እተብለኒ ኣይፈለጥኩን። ብዙሕ ነገራተይ ንሳ ክትመምዮ ትደሊ። ብርእሰይ ኣረጋገጽኩላ። ገጻ ድውን ኢላ። “ዋይ ሓቡተይ” በልኩ ብልበይ። ናብዛ ማሕበር መሐወሰያይ ምስጠሩ ዝረኸበት መሲሉዋ ብዙሕ ተዛሪባ። ንዓይ ኮቲታ ተቐይረ። ንሽሙ እታ ብኽልተ ኣእዳወይ ሒዘያ ዝነበርኩ ካሜራ ሸፋን ኩይናትኒ ነይራ ደኣ ትኸውን። ኣጋጣሚታት በታ ካሜራ ከድርቕ፡ ኣድሪቕ ደኣ ክሰንድ ነበረኒ እምበር፡ ንባዕለይ ከም ሰእሊ ደሪቕ። ኣዒንታ ፍሉያት እየን። ጻዕዳ ዓይና ክነጽህ! ኣምላኸይ። ልበይ ፈንፈንቶ። ሃንደበት ዝኽሰተ ፍቕሪ ሃነይነይታ ክብሉም እንከለዉ ኣይኣምነሉን’የ ዝነበርኩ። ብፍላጥ ድዩ ብዘይ ፍላጥ ኣብ ውሽጥኻ ዝጸንሕ ቀመማት ኣሎ እምበር ሃነይነይታስ የለን በሃላይ እየ ነይረ። እዛ ቁልዓ ግን እንድዕላ። እዋይ ክሳዳ! ክሳዳ ንውሕ ዝበለት ጓል ‘ክሳድ ሰገን’ ኢሉም ክምጉሰዋ ሓቀም’ዩም ኣወዳኣት። ገፍለውለው ዝበለ ብጃማኣ፡ ኑቲ ኣብ ውሽጡ ሓቢኡዎ ዘሎ ጽባቐ መሊሰካ ከም እትሃርፎ’ዩ ዝገብር።

ሳዕሊን ታሕቲን እናበለት ሻሂ ትዕድል ስለ ዝነበረት ክኹልፋ ኣይደለኹን እምበር፡ ንዋላ ሓደ ዘይኩነ ንበይና ፈልየ ከም ባህ ዝብለኒ ስኢለ ኣይምጸንብኩዋን። እውይ ኮናፍራኽ!? ፍቕቕ ምስ ኣበሉቶም ውሪሕሪሕ ዝብሉ ጸባ ኣሰናና፣ ከምዚኣ ጓል የላን። ኣጓብዝ ጋሕቴላይ ባሕሪ ጽባቐ ኣብ ቅድሚኦም እንከሎ ይርእዩዎዶ ይህሉዉ ይኹኑ? ከምቲ ነበ. ኣብ ዓዱ ኣይኮብርን እዩ ዝብሉዎስ ጽባቐኻ ይኹብርዶ ይኸውን?

ሞባይለይ ጠዝጠዝዝዝዝ ብምባል መልእኽቲ ከም ዝመጽኣኒ ምስ ኣድሃዩት ይሓይሽ ናብ ወናዩ ተመሊሰ። “ኣበይ በጺሕኩም? ነፋሲት ንሓልፍ ኣለና፡” ዝብል መልእኽቲ ናይታ ጸልልቲ ነበረ። ኣንታ ከመይ ዝበሉዋ’ያ? በቃ ኮሉ ነገር ይምልከታ ስለ ዝኾነ ክሓልፋ የብሉን? “ማይ’ጣል ንሓልፍ ኣለና፡” ብምባል ሓሰየ ጸሓፍኩላ። ምናልባት ተራስነኒዶ ትህሉ? ኢለ ቀሩብ ጥርጣረ ኣሕዲረ።

ተበገስ ኩይኑ ንብረትና ጠራኒፍና እናተበገስና ወያ ክሳድ ሰገን ሕብእ ኢላ፡ እዋይ ‘ቲ ጉደይ! እንታይ ገበርኩዋ’ያ ‘ዛ ቜልዓ!? ንብረት ከይንርስዕ ዝፍትሽ ዘለኹ እናመሰልኩ ኣዕገሽገሽኩ። ሕብእ ሕብእ በቃ፡ ተማዊተ ኣብ ምላሽይ ክረኽብ፡ እንተ ዘይኩይኑ ካብ ኣሰመራ ዋላ ክምለሳ ኣለኒ ኢለ ሓሰብኩ። ጋሕቴላይ ሕቐና ሂብናዮ ምስ ከድና፡ ክልተ ወገን መስኮት ከፊተ ንፋስ ሰምሃር የስተማቐሮ ነበርኩ። ጊንዳዕ ውጽእ ክትብል እንከለኻ ዘሎ ሽታ ናይቲ ኣትክልትን እዚ ናይ ሰምሃር ንፋስን ማዕረ ባሕሪ’የ ዝናፍቕም። ኣብ ግዜ ቃልሲ ንነጻት ዝዓነዋ መካይን ጸጸኒሐን ኣብ ትርኢትና ይኣትዋ ነበራ። ዕላል ኣብ ሽዑ በጺሑ ዝሕል በለ። መራሒ መኪና ኸኣ ናሁሩ ኣዛዘደ። ጓል ገብረመድህን ኣብ ቅድሚት’ያ ነይራ። ምስ ክፍለ ሰራዊት 70 ምስ ነቲ ሃንደበትነት ናይ ስርሒት ፈንቅል ናብ ኣሶሳ ዝኸደን ኣብ ስርሒት ፈንቅል እተሳተፈን ኣሃዱ እያ ዝነበረት። ናብቲ ጉላጉል ቀው ኢላ ከተማዕዱ እዕዘባ ነበርኩ። ኣብ ጉድና ኮፍ ኢለ ዝኽራ ክሰምዕ ደስ ኢሉኒ ነይሩ። ካብቲ ምስ ዝኽራን ናይ ሽዑ ብጾታን እትገብሮ ዝነበረት ዕላል ክኹልፋ ነብሰይ ኣይገበረለይን። ኣብ ውሽጦም እንታይ ይህሉ? ኢለ ካብ ምሕሳብ ግን ዓዲ ኣይወዓልኩን።

ኣብ ባጽዕ ምስ ኣተና ኣቐዲምና ንባሕሪ ኢና ሰላም ኢልናዮ። እዋእ ዓንዲርና በቃ። ናብ መዕረፊና እናተመለስና ሞባይለይ ጠዝጠዝዝዝዝዝ በለት። “ሕጂ ገርግሱም ንኣቱ ኣለና። ኣበይ ኢኹም ዘለኹም?” መልእኽቲ ናይታ ጸልልቲ’ዩ። መዕረፊና እንተ ነጊረ’ሞ ተኣሲረ ማለት’ዩ። ነዊሕ ድሕሪ ምሕሳብ “ኣቲ ናይ ብሓቂ ኢኺ ግዲ ጌርኪያ። ዝ’የ ዘለኹ ኣይወረድኩን፡ ” ክብል መለስኩላ። ኣብኣ እንከላ ደዊላ ክቐበላ ኣይክእልን’የ። መሳርሕተይ ካብ ሰድያኦን ተንሲኦን ይዘላ’የን ዘለዋ። ኣሰቅዋ። ጎፍ እንተ ኢሎሙኒ ….

መዕረፊና ኣብቲ ብዝዘንዳ ዝፍለጥ ገዛውቲ’ዩ ነይሩ። ምስ መሰየ ውሽጢ ውሽጢ ጌርና ናብ ኣጓዱ መጺእና። ኮፍ መበለና ከይሓዝና ናብ መሳዕሰዒ መድረኽ ኢና ኣቲና። ባህጊ እትብል ናይ ፍጹምን ናይ ኣብራርን ደርፊ ተወሊዓ ምስ ጸንሓትና ኢና ትኽ ኢልና ዝኣተና። ደርፊ ምስ ተወደኦት ኣመት ኮፍ መበለናን መተክኢ ርሃጽናን ገበርና። ብርሃኑ ድብዘዝ ዝበለ ገዛ ብምኻኑ ብማዕዶ ከተለለ ኣይከኣልን ነበረ። ጸኒሕና ዛንቲ ደርፊ ምስ ተወለዐት ተተሓሒዝና ኣተና። ካብቲ ጫፍ እናፈጉፈጉና ማእከል ኣተና። ናይቲ ጸልልቲ ደርፊ ብምንባሩ ብውሽጠይ ደስ ኢሉኒ ይሰዕሰዓላ ነበርኩ። እታ ደርፊ “every morning I feel like running away” ናይ ቶሚ እያ፤

… ናብ ቃልዕ ወጺኡ፡ ክጅልብ ርሑቕ፡ ናብ ካልእ ዓለም
ናብ ካልእ ዓለም እናተዓዝርኩ ኣዚረ ብዝጠመትኩ
ንገመደይ ይትቶ ነበርኩ፡ ይምድምዶ መገደይ
ነፍሲ-ወከፍ ጽምዋ ከስተማቐሮ እደለ ኣለኹ ኮሉ
ኣብ ጽላሎተይ ተዓቢጠ’የ ዋላ እናበራህኩ

ንግሆ ንግሆ ዝሃድም ዘለኹ ይመስለኒ
ንግሆ ንግሆ ዝሃድም ዘለኹ ይጥዕመኒ

ንድሕረት ክምለስ’የ ናብቲ [?]
ኮሉ ዝበልኩዎ እመልሶ ኣለኹ
ናይ ዓመታት ፈንጠዝያ ተጻዒነ ኣለኹ
ናብቲ ገደል ደፊኦ ዘሊለ፡
ምስ ዓለብኩ ደጋጊመዮ፣ ኮሉ ግዜ’የ ኣብ ኣእምሮይ ዝነበረ።

ዓባጠ ድርኺት’የ
ዓባጠ ተምሳጠይ
ንግሆ ንግሆ ዝሃድም ዘለኹ ይመስለኒ
ንግሆ ንግሆ ዝሃድም ዘለኹ ይጥዕመኒ
ተተሓሒዞ እየ ሕጂ
ተሳቢሰዮ …. ኣስተማቐረዮ
እልወዋ ኣለኹ፣ እርእዮ ኣለኹ
እርእዮ ኣለኹ ብዝሓሸ
እርእዮ ኣለኹ እተመሓየሸ።
***

ሳዕሲዐላ። እዛ ጸልልቲ ዘፍትዋ እንታይ እዩ ክሳዕ ሕጂ ኣይርድኣንን። እቲ ዝኣረገ ህይወትካ ንድርኺትካን ተመስጦኻን ይውሕጦ’ዩ። ነቲ ኣብ ውሽጢኻ ዘሎ ዓቢ ብርሃን ይዓብጦ። ዘብረቕረቐ የብረቕርቕ ይዓብጦ በቃ። ኣረጊት ህይወት ብገደል ጉሕፍኻ፡ ዝኣረገ ጸርካ ክንዮ ሓጹር ደርቢኻ፡ እቲ ናብ ንስነትካ ዝቐረበ ሰብ ክትከውን ቀሲል ኣይከውንን። ካብ ውሽጢኻ እተፈልየ ህይወት ትነብር እንተ ኣለኻ፡ ኮሉ ሳዕ ትሰደድ ዘለኻ ኩይኑ ይጥዕመካ። ምናልባት’ውን ብግምጣሉ ናብ ነብስኻ እናቐረብካ ትመጽእ እንተ ኣለኻ፡ ውሽጢኻ ክጋየሽካ ይኽእል’ሞ ነቲ ሓቀኛ ንእስነትካ ሰደት ክትቁጽሮ ትኽእል ኢኻ። ከምቲ ቶም ዝበሉቶ ግን መወዳእታኡ ምትንሳእ’ዩ ዘድሊ፣ ብዓል ሓድሽ ዓይኒ እተመሓየሽ ዝርኢ።

ወያ ጸልልቲ ብድሕረይ ጉኒጻ ገደፈትኒ። ቀሲሕ እንተ በልኩ ንሳ፡ ንሳ ኸኣ ‘ይቕረታ’ ክትሓትት ግምጥል እንተ በለት ኣኳ። ዓርከይ ከኣ ቡቲ ፊትና ተብጥሪሙ ድራማና ይዕዘብ። መሳዕሰዕቲ ስሕብ እንተ ዘዐብላኒ እንታይ ግብረመልሲ ከም ዝህብ ኣይፈለጥኩን ነይረ። ብኣኣ ኣቢልና ኸኣ ወጻእና። መሓዛይ መገዲ በዚ’የ ኢላ መረሓትና እሞ ምእ ምሽት ኩለል ክንብል ኣምሲና። መወዳእታኡ ናብ ኣጓዱ ተመሊስና ብታክሲ ንመዕረፊና መጺእና። ሞባይለይ ኣጥፊኡ፡ ኣነ’ውን ጠፋእኩ።

ሓይሊእዝጊ ምሕረትኣብ

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቁ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ኤርምያስ ገብረልዑል
ሺሃብ ኣርኣያ
ቁ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ፡ 127749 - ቁ.ሳ.ጽ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቁ.ስ. 200454-07121322
ምልክታ
ቁ.ስ. 125013 - ቁ.ሳ.ጽ. 1284

ለይ-ኣውት
ኤደን ሃብተኣብ
ሳምራዊት መለስ
ሰማያዊት ሓይለኣብ
ሳራ ኣለም

ካ ብዝን ብትሪን

ሳሮን ሰርጹ

ኣዮ ገርምንዶ?

ህቡብ ኮሚድያን ቻርለስ ቻፕሊን

ዋላ'ውን ምስ ሞት ክገጥ ፈጠሩ እዩ። እዚ. ኣብ ዓለምና ዓቢ. ሰም ዘኸተረ. ኮሚድያን ኣብ እዋን ቦኣል ልደት 1977 እዩ ብሞት ካብዚ ዓለም ተፈልዩ። ኣብ ሃገረ ስዊዝርላንድ ኣብ ከብ. ገዛኡ ዝዘቕብረ ቻርለሱ ድሕሪ ሰለስተ መርሒ. ዕለተ ሞቱ ኣብ መጋቢት 1978 ፖሊስ ናብ ቦኣልቲ ቤት ቻርለስ ደዊሎ፡ ሬሳ ቦኣል ቤታ ካብ መሬት ተፋሒሩ ነም ዝዘሰርቀ ሓቢሩ። እዚ. ዘሎንበድ ኢጋጣሚ ንስድራቤት ቻርለስ እናሻቐሎም እንከሎ ሰረቕቲ ሬሳ ናብ ቦኣልቲ ቤት ቻርለስ ደዊሎም 600 ሽሕ ዶላር ክህነፍል'ሞ ሬሳ ቦኣል ቤታ ክመልሰላ ሓቢሩዋ።

ዝነም ሰረቕቲ ንምሓዝ ዝዋዕም መሳመር ኣዴልያ ዝጀንሑት ቦኣልቲ ቤት ቻርለሱ ብቕሊሉ ብዋ'ስሰ ነም ዝተሓዙ ገበረት። እዝም ሮማን ዋርዳስ ነምኡ'ውን ጋንየሰኞ ጋብ ዝተባሉ ሰረቕቲ ነም ዝሰረቑ ብምእማኑ ሬሳ ቻርለስ ቻፕሊን ናብ ፖሊስ ኣጋበሁዎ። እዝም ናብ ቤት ማእሰርቲ ዘምርሑ ክልተ ገበሮታት ይቕረ ግበርልና ዝብል መልእኽቲ ናብ ቦኣልቲ ቤት ቻርለስ ሰደዱ።

ብዛዕባ ሰገን -

ሰገኑ እታ ዝዓበየት ዐፍ'ያ። እዚ. ጥራይ ዘይኮ ካብ ዓይነታት ኣዕዋፍ እቲ ዝዓበየ እንቋቕሓ እትውንን ዐፍ እውን እያ።

• ንወሓት እንቋቕሓ ሰገኑ ኣስታት 15 ሰንቲ ሜተር ዘርያ እንቋቕሓኣ ድማ ኣስታት 45 ሰንቲ ሜተር ይዘርሕ።

• ሓንቲ ሰገን ኣብ ዓመት ካብ 40-100 ዝበጽሕ እንቋቕሓ ትጸፍ። ኣብ ምግቢኣ ኩነታት እትርከብ ሰገኑ ካብ 25-35 ዓመታት ክትወልድ'ክትፈሪ ትኽእል።

• ነም ዝፍለጥ ዝበዙሓ ሰገን ክወልዳ እንከለዋ፡ ናይ ሓባር መቐመጢ እዮን ዝጥቀሙ። ካብ ክልተ ክሳብ ሸውዓተ ዝበጽሓ ሰገኑ ኣብ ሓደ ቦታ ክወልዳ እንከለዋ፡ ናይ ነፍሲ.ወሃፈን እንቋቕሓ ክፈልዩኣ ይኽእላ እዮም።

• እንቋቕሓ ሰገን ኣብዚ ብዙሕ መኣዚታት ይርከቡ። ልዕሊ. 47 ሚኢታዊት ፕሮቲን 43 ሚኢታዊት ስብሒ፡ ብዘወሃሽ'ውን ካልሽዋም ፎስፎረስ ቪታሚናት ደማ - ነም ቪታሚን 'ኤ' 'ኢ' ይርከቡ።

• ኣንከተይቲ ሰገን እንቋቕሓኣ ብዋዜ ቀትሪ ክትሓቁፍ እንከሉ ተባዕታይ ሰገን ብዋዳኡ ብዋዜ ለይቲ ይሓቅፍ። እዚ. ደማ ንጓ35-45 ዝበጽሕ መልኢታት ይሕቶፍ።

ኣብዚ. ግዜ'ዚ፡ ኣብ ዓለምና ኣስታት 2 ሚልዮን ሰገን ነምዝርከቡ እዩ መጽናዕትታት ዝሕብሩ።

ታሪኻውያን ቦታታት ኣፍሪቃ

ሓንቲ ካብ ክፍሊ. ዓለምና ዝኾኑት ኣፍሪቃ፡ ብኣዝዮም ሱሩበቲ ፍጥረታትን ባህርያዊ ጸጋታትን ዝመልኣት እያ። ንዘጸሓቲ ዝኸዝብ ታሪኻውያን ቦታታት እውን ደርጋበዋ። እዝም ዝህሰቡ ታሪኻውያንን መሳህርትን ቦታታት ኣብ ኣህጉርና ኣፍሪቃ ዝርከቡ እዮም፦

• ኣልዴቪያ ጆርጅ፦ እዚ. ኣዝዩ መሳጢ. ቦታ፡ ኣብ ምብራቕዊ ጎለገል ሰረጉቲ ሰሜን ታንዛንያ ደርጋብ፡ ኣልዴቪያ ጆርጅ፡ ብኡቀማምጣኡን ነዊሕ ዕድመ ዘቕጸረ ኣሰር ናይ ልዕሊ. 60 ሰባት ኣብኡ ብምርኃብን ፍሉይ ይጎብዩ። ብዘወሃሽ፡ ኣብቲ ከባ. ዝርከብ ፋብሪካታት ናይ ሰራሕተኛ እምንኑ ኣብ ምምዕባል ብኹምኒ ዝሰርሑ ነገራትኑ ኣብ ታሪኽ ሱሮጉቲ እቲ ዝመውሓ ዕድመ ዝበረ ነም ዝኾነ ይፍለጥ። እታ ህብዝቲ ብዘዕባ ሰ ጥንትን ሰ ሂወትን እተጸንዐ ጋልኣንስተይቲ ሚርይ ሊያቦ፡ ኣብ 1959 ኣብዚ. ቦታ ገለ ክፊል ናይ ሽፍና ርእሲ. ረኺቡ። ኣብ ዝበረቶ መርመራ ከኡ እቲ ኣሰር ወዲ ሰብ ኣዝዩ ነዊሕ ዕድመ ዝበረ ምኳኑ'ያ ገሊጹ።

• ተብሂ፦ ሓንቲ ካብዚን ጥንታዊ ኣቕሓ ዝርከቡን ከተማታት እዩ። እዚ ናይ ጥንቲ ኣቕሓኑን ቅርስታትን ዝርከብ ከተማ ካብ 2081-1939 ቅድሚ ልደት ክርስቶስ ኣብ ማባል 11 ሰርወ መፃዕስቲ ግብጺ፡ ካብ ዝበረ ግዜ ኣትሒዙ ዝበረ እዩ። ብዘወሃሽ. ኣዝዩ ብዙሕ ጥንታዊ ቦታታት ኣዘዝ ከተማ ነም ዝርከብ ይገለጽ። ዝዘረሳሰዩ ናይ ሱሮጉቲ ኣቕሓ ክርከብ እንከሉ ሰንሰሮ ናይቲ ንገነን ሰንሰሮ ናይታ ንግስትን ዝዘዓል ቦታ'ውን ኣሎ። ከተማ ተብኡ ኣብ ቀረብ እዋን ዝተገብረሉ ጸሃፍቲ ኹና ዘይዓዘዉ. ቤት መቕደስ ግብጺውያን ነጋውብ ዝቕመጡሉ ዝበሩ ፕላኒታት፡ ነም መቓብር ዝኾቀመሉ ዝበሩ ጋህስ፡ ባህዉን ሃይማኖታውን ቅርስታት፡ ቀደም ዝኾቀመሉ ዝበሩ ኣቕሓኑን ዝተፈላለዩ ጥንታዊ ቅርስታትን ደርጋቡ።

•ለኮቲስ ማኮሩ፦ ኣብ ናይ ቀደም ዕጣ ትሪፖሊታኒኣ ዝርከብ ኣዝዩ ዓቢ. ከተማ እዩ። ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ጦጦም ባሕሪ ሜዲተራኒያን ዝርከብ ለኮቲስ ማኮሩ፡ ኣብዚ. ሰሜ. እዋን ብሲ.ቢየ ዝበልዎ ሰም ደጽዋዕ፡ እዚ. ቦታ ኣዝዩ ብዙሕ ዝተፈላለዩ ናይ ጥንታዊት ሮማ ኣቕሓ ሐዚ ኣሎ። እዚ. ጥንታዊ ቅርስታት፡ ኣብ ሻወዓይ ክፍሊዘመን ቅድሚ ልደት ክርስቶስ እዩ ብፍንቁኣውያን ተረኺቡ። እዝ ከተማ ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብ መዲተራንያን ኣዝዩ ኣንዳሲት፡ ካብኡ ሓሊፋ'ውን ንሃገራ መተሓላለፊት ናይ ንግዲ ቦታ እያ ነሪ። ቦቲ ዝበራ ልዑል ኣስተዋጽኦ ኣብ ንግዲ፡ ሓንቲ ካብዚን ኣዝዮን ፍሉጣት ግዘኣት ሮማ ክትትወን ክኢላ እዩ። ኣብ 642 ዓመተ ምህረት ብዓረባውያን ምስ ተታሕዘት፡ እዝ ከተማ ዳርጋ ዝበዘሕ ህንጻታታ ዓንጹ። ገለ ክፊሉ'ውን ብሑጻ ተሸፊኑ እዩ ተሪፉ። ዳግም ኣብ 20 ክፍሉ ዘመን ክደሃሰስ ዝኾኣለ እዚ. ከተማ ገለ ጥንታዊ ናይ ሮማ ኣቕሓ ይርከቡ።

• መሮኑ፡ እዚ ዝዓዝወት ጥንታዊት ከተማ ከሕዝቲኻውያኑ ኣብ ምብራቕዊ ክፊል ሪለግ ናይል ትርከብ ዝበረት ከተማ እዩ። ኣብዚ. ሰሜ. እዋን ብሱዳን ትፍለጥ ዘላ ኣፍሪቃዊት ሃገር ኣብ 1ይ ሚለኒያም ቅድሚ ልደት ክርስቶስ እያ ተመሳሪታ። መሮኑ ኣብ 750 ቅድሚ ልደት ክርስቶስ ንግዕዝት ከሽ እታ ደቡባዊት ሜኣል ምምሕዳር እያ ኮይና ነይረ። ጸኒሓ'ውን ርእሰ ከተማ እያ ኮይና። ኣብ 4ይ ክፍሊ ዘመን ብኦክሰማውያን ድሕሪ ዘጋጠመ ወራር፡ ክትዓኑ ተገዲዳ እዩ። እዝ ዝዓዝወት ጥንታዊት ከተማ ኣብ 19 ክፍሊ ዘመን ክትድህሰስ እንከሉ ኣብ መጀመሪያ 20 ክፍሊ ዘመን ገለ ክፊል'ዚ. ከተማ ተፋሒሩ ተረኺቡ እዩ። ኣዝዮም ብዙሓት ፕሮፌሰራት፡ ፓሊታትን ቤት መቕደሰን ዝተረኽበ ከተማ መሮኑ ቡቲ ዝጸንሓ ስርሓት ቅርጻ ቅርጽን ባህላዊ ቅርስታትን ሓንቲ ካብዚን ኣብዚ ዝኾና ከተማታት ምድረ ንግስት ከሽ እዩ።

• ዓባይ ዘምባብወ፦ ካብ 11 ክሳብ 15 ክፍሊ ዘመን ኣብ ዝበረ ግዜ እታ ማእከል ሕምብርቲ ዕዴጋ እያ ነሪ። ብፍላይ ደማ ኣብ መሸጣ ከብቲ ኣሎ ዝኸ. ናይ ኣትክልቲ ሕርሻ ነምኡ'ውን ወርቂ ኣብ ጦጦም ባሕሪ ሀንዳዊ ወቅያኖስ ኣዝዩ ዝማዕበሉት ነይሩ። እቲ ዓንጹ ዝርከብ ኣዝዩ ክብሪ ኣእማን ኣፍሪቃ ሰሚ ኣብ ሶሜናዊ ምብራቕ ዘምባብወ ይርከብ። እዚ. ዝኽዉ ማእከላይ ክፊልን ኣኽበብዎ ዝርከብ ሰንሰሮታትን ዓሰርተታት ኣሽሓት ኣህዛብ ነም ዝሰፍሩዎ ይፍለጥ። እዚ. ቦታ ቡቲ ዝሰፍሮ ምስራሕ ናይ ኣእማን ምዕበል ዝበለ ልምድታት ኣዝዩ ፍሉጥ ምንሩ ይግለጽ። በዚ. ምኽንያት ደማ ንዘተፈላለዩ ግዘኣታት ክወሃብ ተወሲኑ። ነም ኣብኡት ግሪኻውያኑ ግብጺውያንን ፍንቂኣውያንን። እዚ. ደማ ኑዩም ቀንዲ መባቕዕሎም ኣፍሪቃውያን ዝኾኑ ነም ዝምልከት ሓደ ብዘዘባ ሱሮጉቲ ዘጽንዕ እንግሊዛዊ ተመራማሪ እዩ ኢቃላዉዎ። ዴቪድ ሪንዶል ኣብ 1905 ኣብ ዘወጽኦ መገለጺ፡ እዚ. ቦታ ኣብ ማእከላይ ዘመን መባቕዕሎም ኣፍሪቃውያን ብዘዩዓኑ ሰባት ይወሃን ነም ዝበረ ይምዲመ።

• ንወሃሉ መራት ዝዝጸርበ ቤተ-ክርስትያን ላሊበላ፦ እዚ. ኣብ ጎረበትና ሃገር ኢትዮጵያ ዝርከቡ ናይ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ሃይማኖት ዝኾነ ቤተ-ክርስትያን ብዘለዎ ትሕዝቶ ቅርጺ. ሓደ ካብዚም መሳሕሎ በጽሑቲ ዝኾኑ ቅርስታት ኣፍሪቃ እዩ። እዚ. ኣዝዩ ፍሉጥ ቤተ-ክርስትያን ካብ መራት ንወሃሉ ንታሕቲ ዝዝሰርሐ ሀንጻ እዩ ኣብ መወዳኢታ 12 መጀመሪያ 13 ክፍሊ ዘመን ኣብ ዝበረ ግዜ ነም ዝዝሰርሐ ይፍለጥ። እዚን ኣብ ወሃሉ'ዚ. ሀንጻ ላሊበላ ዝርከብ 11 ኣብያተ-ክርስትያን ኢትዮጵያ፡ ኣብ ግዜ ንገነ ላሊበላ እያን ተሃነጻጹ። እዚን ኣብያተ-ክርስትያን ኣብ ክልተ ክፊል ተኸፊለን ቡቲ ብዝሕቲ መራት ዘለወን መተሓላለፊ ይራኸቡ። ኣብ መንነ እዚን 11 ኣብያተ-ክርስትያን መደኃኒኣለም ቤተ ክርስትያን ዝዓበየ ቤተ-ክርስትያን ናይ ጎለግታ ጋህሲ. ናይ ላሊበላ ዝርከቦ ሰፍሪ፡ ቡቲ ኣብ ጥሲል ዝዝን ዝተቕብኦ ቅብኢታት ዝፍለጥ ቤተ-ክርስትያን ማርያም፡ ገለ ካብዚም ኣብያተ-ክርስትያን እያ ኮይና። እዚ. ኣማኢት ዓመታት ዘቕጸረ ቤተ-ክርስትያን ቡብዘለዎ ቦኣል ዝዝ ንግደት ካብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዝመጹ ብኢሽሓት ዝቕጸሩ በጽሑቲ የአንግድ። እዚ. ደማ እዚ ሃገር ካብ እትእንግዶ ክብረ ቦኣል ኣዝዩ መሳጢ. ይጎብሮ።

ሕዮ ዝተዘባረቐ ቃላት

ኣበል ኒጋሲ. ካብ ካናዳ

ደጋዊ ክፍሊ. ኣሰስና

ሳልሳይ ክፊል

እዝም ኣብ ታሕቲ ተዘርዝሮም ዘለዉ. ቃላት፡ ኣብ ታሕተዋይ ሰንጠረጅ ተበዚናም ተጺሕፎም ኣለዉ። እዝም ቃላት ካብ ላዕሊ. ንታሕቲ፡ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ፡ ካብ የማን ንጺጋም፡ ካብ ጸጋም ንጽማኑ ነምኡ'ውን ኣብ ቁናን መሳመር (ድያኖናል) ንላዕልን ንታሕትን ተዳልዮም ነምዚ. ተዋሂቦ ዘሎ ኣብኡት (ቋና) ክርከብ ይኽእል።

1.ከመሰ	7. ጸርፃቕቲ	14.መሓግሓጋ	21. ዕልቦ
2. ከርኸረ	8. ረቃቒቶ	15. መትልሕ	22. ርሕሚ
3. ደሶ	9. ፍረ ነበኒ	16. ፍናት	23. ቋና
4. ጉሉብ	10. ናላ	17.መጃር	24. ጠራጊቶ
5. ለምላሚቶ	11. ፍረ ኣዳም	18. ማሕሎሩ	25. ትርከብቲ
6. ጸሎ	12. ምንጋጋ	19. መትሎ	
	13. ሓሎኪቶ	20. ሸፋሽፍቲ	

ስ	ቪ	ዛ	ጡ	ታ	ፍ	ዊ	ቅ	ም	ሄ	ፍ	ጃ	ካ
ች	ጽ	ና	ኝ	ና	ሸ	ና	ሞጅ	ኮ	ረ	ፈ	ጉ	ዋ
ሎ	ሁ	ር	ጠ	ሑ	ላ	ሮ	ት	ነ	ጽ	ሉ	ፓ	ፋ
ት	ጹ	ራ	ን	ቲ	ግ	ኢ	ብ	መ	ብ	ቡ	ዲ	ጎ
መ	ጊ	ሎ	ፍ	ቕ	ዉ	ሲ	ታ	ቪ	ዓ	ሂ	ል	ሕ
ቶ	ጸ	ሽ	ጀ	ቶ	ቲ	ጋ	ወ	ቶ	ረ	ኮ	ኬ	ማ
ቒ	ፋ	ፈ	ኺ	ዕ	ጨ	ር	ሕ	ሚ	ት	ታ	ር	ቜ
ሸ	ሲ	ያ	ኩ	ዣ	ም	ግ	ዙ	ላ	ሕ	ዥ	ቒ	ዕ
ጉ	ሓ	ር	ጋ	ዳ	ኺ	ሓ	ዓ	ም	ኼ	ል	ቱ	ቶ
ረ	ት	ጨ	ኣ	ጋ	ቦ	ግ	ቕ	ለ	ጣ	ሁ	ት	ሲ
ዝ	ዥ	ረ	ጹ	ል	ን	ሓ	ፕ	ና	ስ	ጓ	ቱ	መ
ያ	ፍ	ር	ዕ	ዲ	ዩ	መ	ዣ	ሶ	ዋ	ሙ	ኸ	ጃ
ኢ	ፖ	ፌ	ኡ	ዮ	ሪ	ጃ	ዶ	ቕ	ሻ	ዴ	ከ	ጥ

ሺሃብ ኣርኣያ

ርእሰ ምትእምማንካ ንምሕያል

ርእሰምትእምማንና ናብ ዓወት ዘምርሕ መሳርሒ ባህሪኡ፡ ኣብ እዋን ብድህታት ርእሰምትእምማን ዝወሰኑ ሰባት፡ ንብድህ ብምሳዕር ብዙህ መጻኢ ከውስኑ ኣይጸገሙን፡ ድኸም ርእሰምትእምማን ዘለዎም ግኑ ምስ ምሉእ ብቕዓቶም እንስለዉ ክፈጽሑ ትዕዘቡ፡ ርእሰምትእምማን ግድን ምስና ዝፍጠር ዘይክእሉ ምስ ግዜን ምድላብ ተመሳሪንካ'ውን ከሰጥሮ እንኮኣል ባህሪኡ፡ ዝም ሓመሽቶ ነጥብታት ብምትግባር ርእሱ ምትእምማና ከይልድድል ንፈትኑ፡

ዛርስ መሓዙ ርእሰምትእምማና ኣብ ምብራኽ ልዑል ተራ'ዮም ዝጸወቱ፡ ምስ ብሉጻት ብጾት ምህላዉ፡ ኣደላዩ ምኽሪን ደጋፍን ኣብ ምርኻብን ሓደጋቲ ነገራት ኣብ ምምሃርን ሰለ ዝሕግዝ ኣብ ነብስካ ዘለካ ምትእምማን ዘርርኽ'ዩ፡ ሰለ'ዚ ካብ'ቶም ግዜካ ብሽንቲ ዘገኑ ኣፈራኽ ብምህዳሮ ቀዳማይታትካ ኣብ ምትግባር ዝሕግዙ ኣፈራኽ ከተጥሪ ተብሂሉ፡

ምስ ነብስካ እትዛረቦም ናይ ምትብህ ቃላት ሓንዘረ'የምሩ፡ ፍሽለት ምስ ዚጋጥመካ ኣብ ነንዲ፡ "ድኸም'የ፡ ካልኣይ ግዜ ኣይክፍትንን'የ፡ ኣይዕወትን'የ" ዝብሉ ሞራልካ ዘውድቁ ቃላት ምጥቃም፡ "ሓንሳብ ወዲቕየ፡ ካልኣይ ግዜ ግን ክዕወት'የ" ብምባል ንነብስካ ኣተባብዕ፡

ምኽንያቱ ምስ ነብስካ ኣብ ብድህ ዘሕትወ ቃላት ትጥቀም እንተ ደኣ ኳኑ ከተተግብሮም ክትጸዕሮን ርእሰምትእምማኽ ከተብርኽን ኢኹ፡

ደጋፊ ትርኢትካ ርእሰምትእምማኽ ኣብ ምሕያል ልዑል ተራ'ዩ ዝጸወት፡ ሰለ'ዚ ኣብ ኣከዳድናካን ጸርያትካን ብምንዳዱ ንኻልኦት ክትሰሕብ ፈተን፡ እቲ ኣብ ገዳም ዝነበብ ኣድናቕት ከተብዝኽ'ዩ፡

ደረት ፍልጠትካ ንምስፋሕ ጸዋር፡ ዘይምፍላጥ እቲ ቀንዲ ርጕሒ ትሑት ርእሰምትእምማን'ዩ፡ ብዘነ ኣተባውዒ ጸሐፋት ገጠዞ ዓወት፡ ኣጠቓውምንን እዋናውምን ጉዳያትን ዝደነገሱ መጻሕፍቲን ካልኦት ምንጪ ሓበሬታን ተወሃሉ፡ ዝደሉቦዮ ኣፍልጦ ንዕላልካ ሰሓቢ ሰለ ዝኮበሮ፡ ብደለይቲ ሓበሬታን ምኽርን ክትካበብ ኢኹ፡ ብመንጽሩ ድማ ርእሰምትእምማኽ ክብርኽ'ዩ፡

ምስእ ሰብ'ኳ እንዘይሃለው ንምልኣኦት ግን ጸዋር፡ ነብስካ ኣማዕቢልዎ፡ ዘለዉ'ኻ ጉድለታት ኣመሓደሮ፡ ንዘመዝክ ርኢዮን ኾፈታን ብኸፉት ልቢ ተቐብልካ ኣተግብሮ፡ ሽው፡ ድኽመታትካ እናጉደሉ ምስ ከዱ፡ ርእሱ ምትእምማኽ ክልዕል'ዩ፡

ጸላም ዓርቢ

ጸላም ዓርቢ ወይ ድማ "ብላክ ፍራይደይ"፡ ነታ ልዑል ናይ ዕዳጋ ንዋሪታ ዝዀደላ መወዳኢታ ዓርቢ ወርሒ ሕዳር ንምግላጽ ዝተዋህበ ሰም'ዩ፡ ኣብ'ዛ ዕለት ዝተፈላለያ ትካላት ኣብ ፍርያተን ንሓንቲ መልቲ ዓቢ ምጉዳል ዋጋ ሰለ ዝሃብሩ፡ እዮም ቅድሚ ምእታው ክረስትማስ ህያባትን ካልእ ንብረትን ክዕድጉ ዝደልዩ ሰባት ናብ ዕዳጋ ሰለ ዘውርዱ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ኣመዕዝውያን ናብ ትካላት ክኾዳደመን ዕዝርዝር ዝመልኦ መልቲ ክሕልፉን ደረኦዩ፡ ኣብ'ዛ መልቲ ኩሉ ሰብ ነቲ ብወሓድ ዓቐን ናብ ዕዳጋ ዝወረደ ንብረት ንምወናን ሰለ ዝጸጸ፡ ተርእዮታት ዜሰ፡ ምጽርራፍ፡ ምድፍዳእን ስርቂን ብዘበዝሕ የጋጥመ፡፡

ፖሊስ ፊላደልፍያ፡ ኣብ 1966 ዓም ኣብ'ዛ ዕለት ብሰሓ. ምድፍዳእ ዓዳን ድሕሪ ዘጋጠሙ ብርክት ዝበሉ ሓደጋታት ብምብጋስ'የምሩ ዝ መልቲ "ጸላም ዓርቢ" ዝብል ሰም ኣጠምቂምሞ፡ እዝ መልቲ ኣብ ነም ዓቢይ ብሪጣንያ፡ ካናዳ መካሰነን ሀንዲን ዝኣመሳሰለ ሃገራት ትዝወተር'ያ፡፡

ዳግመ ምምስራሕ

ፈለዮታት ኣብ ነንዲ ንመትሓዚ ፈለስቲ ጥራይ እንጥቀመሉሞ፡ ብዘተፈላለዩ ቅርጽታት ብምቕዳድ፡ ነቲ በሊሕ ጣፋዕ'ዮም ኣመዳሪሮና ሱሓቢ ሕብሪ ብምልካይ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ መዳያታት ከወፅሉሞ ኾነኽል ኢና፡፡

ብኸመ'ዚ ኣብ ሰኣሊ ዘሎ ኣገባብ ድማ ማርኽቲ ነፍ መባሊን ጣዋሉን ብምነሳ ኣብ ኣገልግሎት ከወፅሉሞ ኾነኽል ኢና፡፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ኣብዮተ መዘኮግዲታት፡፡

ዛንታ ስእሊ

ራዳ ኣብ ዞባ ጃበር ጐሓፍ ብምእራይ እትናበር ሀንዳዊት'ያ፡፡ ኣብ 2014ዓም ተርኢ ፋኔል ዝተገበረ ሰኣላይ ዝ ሰእሊ ድሕሪ ምስኣሉ፡ ኣብ'ቲ ዓሚ ዝተሳተደ ሰእሊዊ ውድድር "ምኽታም ድኻስት" ተወዳደረ'ሊ'ሞ፡ ካብ'ተን ቀዳሞት ዓሰርተ ብምወጻኑ ራዳ ናይ ወልቃ ስራሕ ንምጅማር ናይ 10 ሽሕ ዶላር ሓገዝ ረኺቡ፡፡

ተርኢ ፋኔል ዳግም ናብ ዞባ ጃበር ብምኻድ፡ እቲ ሽልማት ነታ ደሮ ሰብኢያ ዓሪጉ ዝሰረተት ራዳ ሃቡ፡፡

ብሓባር ክንጥቀመሎም ዘይብልና ነገራት

ምስ ሰድሪን ኣፈራኽን ምንባር፡ ምትሕወዋስ ወልቃዊ ንብረት የለ'ዩ፡፡ ሃዳሕትካ ብዘለካ ምሸፋን ጸበጥ'ዩ፡፡ እንተ'ኾነ ግኑ ናይ ሓባር መመሳሰጥ ሽምሃ፡ ሳሙ መጸባቐ ክሬምት፡ ብራሽ ሰሪን ካልእን ነገራት ምልቅቓሕ ሃሰያኣም ነበድ ምኻኑ'ዩም ክኢሊታት ጥዕና ዝሕብሩ፡፡

እዞም ዝዘከሩ ነገራት፡ ምስ ዝኸኑ ሰብ ብሓባር ክትጥቀመሎም ዘይብልካ እዮም፦

ብራሽ ሰሪ ቅድሚ ዝኸኑ ነገር፡ ብራሽ ሰሪ'ኻ ካልእ ሰብ ብቕሊሉ ክረኽቦ ኣብ ዘይክእል ቦታ ምህላዉ ምርግጋጽ ኣገዳሲ'ዩ፡፡ ንሽኻ እትግልገሎሉ ብራሽ ሰሪ ካልእ ሰብ ምስ ዝጥቀመሉ፡ እዮም ኣብ ኣፍን ገጽንሉ ባክተርያ ብቕሊሉ ናብኡ ክሰግሩ'ዮም፡፡ ብዘወሃኪ'ውን ንሽኻ ብድሕረኡ ምስ እትጥቀመሉ ግዳይ ዝተፈላለዩ ሕምምት ክትካወን ልዑል ተኽእሎታት ኣሎ፡፡ ሓንቲ ብራሽ ሰሪ ልዕሊ ሓደ ወርሒ ክንግልገሎ የብልናን፡፡

መሳኻኸቡ ነገራት ኣብ ቁርጋጽካ እትጥቀመሎም ነም ክሬምትን ኻዚ'ንን ዝኣመሳሉ ነገራት፡ ምስ ካልእ ሰብ ክትመቓረሉም የብልኮን፡፡ ምኽንያቱ እታ ኣጻብጽትና ብምኢታው እንወስዳ ዓቐኑ ነም ፈጺጋ ዝኣመሳሉ ሕምምት ቁርጋጽ ከተስህበልና'ያ፡፡

ሰልማት ናይ እዚኡ ደቀ'ዝጽካዮ ኣብ ዝተፈላለዩ ኢጋጣሚታት ናይ እዚ ደ'ልቕቕሓ'ዮ፡፡ እዚ ወሓሰ ክኸውን ግኑ እቲ ናይ እዚ ሰልማት ቅድሚ ምሃቡን ድሕሪ ምምላኽን ብኡልኪል ብምልካይ ከተገጽህዮ ኣለኹ፡፡

ሽምሃኑ ዝተፈላለዩ ዓቐንን ዓይነትን ዘለዎም ሽምሃ፡ እዮም ዝበጹ ሰፊር ክዝተ'ዮም፡፡ ሰለ'ዚ ብልዑል ጥንቃቐ ኢና ክንጥቀመሎም ዘለና፡፡ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ደግ ብጽርዮት ዝሕዝ ናይ ውልቂ ሽምሃ ክትህልዎ ኣለዉ፡፡ ንመስፀቢ ነብስና እንጥቀመላ ቁሪጽ ሽምሃ'ውን መኣከቢት ዝሞተ ቁርጋጽን ክትዝ'ዮን ታህዋስያንን ብምኻና፡ ኣብ ወርሒ ሓንሳብ ክንቅይራ ኣለና፡፡

ቻፒስቲክ መሳሰሊታት ከናፍር ካብ ኣፍ ናብ ኣፍ ክሲጋገሩ እኳ ሰለ ብቕሊሉ'ዮም ናይ ኣፍን ቁርጋጽን ሕምምት ዘስዕቡ፡፡

ሳምና፡ ብዙሓት፡ ሳምና ቀታሊ ክዝተ'ዮ ምኻኑ ይኣምሩ፡፡ እንተ'ኾነ ግን ዘይቅኑዕ ኣገባብ ኣጠቓቕማ ሳምና፡ "ናሮሳይረስ" ዝጽዋዕ ናይ መናጠጡ ሕምም ከስዕበልና ይኽእል'ዩ፡፡ ሰለ'ዚ፡ ናይ ካልእ ሰብ ሳምና ብፍላይ ድማ ናይ ነብሲ ሳምና ክንጥቀም ምስ እንደለ፡ ጸሩይን ንቑጽን ምኻኑ ከረጋግጽ ኣለና፡፡ ምኽንያቱ ጥሰል ሳምና ምቕእ መራብሒ ክክ'ዝ'ን ኻ'ደረጃ ክኸውን ሰለ ዝኽእል፡፡

ጫማ ናይ ካልኦት ዝኸኑ ዓይነት ጫማ ምኽዳኑ ግዳይ ናይ ቁርጋጽ ሕምምት ክዝርጋ ይኽእል'ዩ፡፡ ጫማ እቲ ዝበጽጸ መራብሒ ሓደጋ ክትዝ'ያታት'ዩ፡፡

መሳደዲ ጸገርን ጭሕሞን ናይ ካልእ ሰብ መሳደዲ ጭሕሞ ምጥቃም ዘይትግምቶ ሃዋዩ ሳዕቤናት'ዩ ዘለዎ፡፡ ኣብ'ቲ መሳርሒ ዘለዉ ክክ'ዝ'ዮ ዝሞተ ቁርጋጽን ነም ረኽሲ ከብዲን ሕምም ኤይድስን ከስዕበልካ ይኽእል፡፡ ብዘወሃኪ'ውን ናይ ውልቅና መሳደዲ ጸፍሪ ክንወስን እቲ ዝበጽጸ ምኻኑ ይገልጽ፡፡

መሳምሪ እዚኡ መዚቃ ንምስምዕ መሳምሪ እዚ ምስ እትደለ፡ ናትካ'ምባር፡ ናይ ካልእ ሰብ ክትጥቀም የብልኮን፡፡ ናትካ'ውን ክትህብ የብልኮን፡፡ ምኽንያቱ ዝተ'ኖ'ዩ ምርምራት ነም ዝበልጽም ኣብ እዚ ዝወተፉ መሳምሪ ብዙሓት ጉዳእቲ ክክ'ዝ'ዮም ዝሕዝ፡፡ ብፍላይ ድማ ኣብ እዋን ስፖርት ምስ እንጥቀመሎም፡፡

ከምዚ'ውን ኣሎ

ሽሪፍ ኖን ዝተገበረ ወዲ 55 ዓመት ተርኒቡ ኣብ ወሽጠ ሓደ ዓመት ናብ መደበራት ፖሊስ ልዕሊ 45 ሽሕ ግዜ ብምድዋሉ፡ "ንኣባላት ፖሊስ ናይ ስራሕ ፀንቅፋት ኪይኾኑዎም" ተባሂሉ ተኸሲሱ ኣሎ፡፡

ሽሪፍ ብመሳስ ምስ ተሰሬ ናብ'ተን ዝተፈላለዩ ቁጽሪ ዘለወን 155 ናይ ህጹጽ እዋን ደወል ብምድዋል ምስ በጐልቲቡቱ ድሕሪ ምፍታሑ ዘጋጠሙዎ ጸገማት የዕልልን ናሪቆዋ ነም ዘሎን ይሕበር ነይሩ፡፡

ገበሮ ኪይኑ እንተተረኽቡ ናይ 5 ዓመታት ማእሰርቲ ዝጸነበሮ ዘሎ ሽሪፍ፡ "እንተርፎ ፖሊስ ዘጸናንዖ ወገን ሰለ ዘይብሊ'የ ዝደወል ነይረ" ብምባል ኣባላት ፖሊስ ኣብ ነንዲ ዝኸሰዎ ምስ በጐልቲቡቱ ነበር ክዋርቁዎ ነም ዘለዎም ይገልጽ፡፡

ኣብ'ዛ ዕለት

1497ዓም ቫስኮ ዲጋማ ጸንሬ ጸበጥቕ ተሰሩ ቦጊሐ፡፡

1916ዓም ኣብ ቀዳማይ ኩናት ዓለም ልዕሊ. ሓደ ሚልዮን ዝቕተለን ዝቕተለን ውግእ ሶመ ተኻዩዱ፡፡

1922ዓም መራሒ ኢጣልያ ሞሶሊኒ ናብ ስልጣን ደየበ፡፡

1928ዓም ምምህዝ ሚኪ ማወሱ፡

1953ዓም ዝርርብ ሰላም ኮርያ ተጀሚሩ፡፡

1963ዓም ንመጀመርታ ግዜ ብመጠወቒ መላገም ዝሰርሓ ተሳፍናት ኣብ ኣመሪካ ኣብ ግብሪ ክወዕል ጀመረ፡፡

ሰንበት ቈለው

መም. ዮናስ ሃብተ

ጥልመት ናይቲ ትኹላ

ሓደ ግዜ፡ ሓደ ተኹላን ሓንቲ በጊዕን ምሕዝነት ክገብሩ ተሰማምዑ። እታ በጊዕ ንተኹላ ርእያ ከይትሃድም፡ እቲ ተኹላ ድማ በጊዕ ርእየ ኢሉ ከይበልዓ ተመሓሓሉ።

ገና ሳልስቲ ከይገበሩ ከለዉ፡ ኣጋጣሚ ክልቲኦም ማይ ክሰትዩ ኢሉም ናብ ሩባ ከዱ እሞ ኣብኡ ተራኸቡ። ፈለማ እቲ ተኹላ እዩ ኣብ ላዕሊ ኮይኑ ነታ በጊዕ ርእይዋ። ብልዓያ ብልዓያ ድማ መጸ። “ካብ ትም ኢለ ዝጎብጣ፡ ምኽንያት ክፈጥር ኣለኒ፡” ብምባል ድማ፥

“ኣታ መን ኢኻ ኣብቲ ታሕቲ ኮይንካ ነዚ ማየይ ትዘርገለይ ዘለኻ?” ብምባል ሓርቓ ተዛረበ።

“ከመይ ውዲልካ ተኹላ? ኣይረኣኻንን ዲኻ ኣነ በጊዕ እኳ’የ፡” መለሰት እታ በጊዕ።

“በጊዕ እንተ ኾንክስ እንታይ ድዩ? መን ሰልጣን ምስ ሃበኪ ኢኺኺ ማየይ ትዘርግለይ ዘለኺ? ‘ኣነ በጊዕ እየ፡’ ድማ ትብሊ ከይሓፈርኪ! ጥራይ ሕጂ ቅልጥፍ ኢልኪ ተኣለዩለይ።”

“ኣታ ትኹላ ሓወይ፡ ወሓዚ ደኣ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ከመይ ኢሉ ይዝረግ?”

“ዘሪግክለይ እናበልኩኺ ኣብ ክንዲ ትም ትብሊ፡ መሊስኪ ድማ ኣፍ’ኣፈይ ትምልስለይ። ጥራይ ሕጂ ዘሊለ ከይጎበጥኩኺ ከለኺ ቀልጢፍኪ ረሓቕለይ።”

እታ በጊዕ እዚ ምስ ሰምዐት ኣዘዩ ገረማ። “ዶምበር ንሱ እዩ?” ድማ በለት በቲ ኩነታቱ ተጠራጢራ።

“ኣነን ንስኻን ኣሕዋት ክንከውን ምሽ ቃል ኣቲና? ስለምንታይ ደኣ ሕጂ ክጎብጠኪ እየ ትብልኒ ኣለኻ?” ብምባል ድማ ነቲ ማሕልኡ ክዝክሮ ነገረቶ። ማሕላ ዝጠለመ መስጣ ‘ቲ ጥልመት ማሕላኡ ሕማቕ ነገር ከም ዘጋጥሞ ብምንጋር እውን፡ ኣብ ማሕላኡ ክጸንዕ ኣረደኣቶ።

“ግደፍና እንዶ ማሕላ ማሕላ ኣይትብልና! ማሕላ እንተጠለምኩኺ እንታይ ከይከውን’የ?” ሓተተ እቲ ተኹላ፡ ናብኣ ገጹ እናጠመተ።

ሽዑ ንሳ፡ “ማሕላ እንተ ጠሊምካ ደኣ፡ እቲ መርገም ናብ ውላድካ ይሓልፍ እሞ፡ ንውላድካ ጸገም የጋጥሞ።” በለቶ።

ሽዑ ንሱ፡ “ዒራ እቲ መርገም ናብ ደቀይ እዩ ዝሓልፍ!” ኢሉ፡ ዘሊሉ ክጎብጣ ወሰነ። ኣይጸንሐን ድማ፡ ብኡ ንቡኡ ዘሊሉ ንታሕቲ ናብታ በጊዕ ገጹ ተነቐተ። እንኮነ ግን ናብታ በጊዕ ከይበጽሐ ኣብ መንጉ፡ ናይ ገረብ ግራጭ ጸኒሑ ኣብ ኣፍ ልቡ ተሸኸሎ። ኣብቲ ገረብ ድማ ጠል ጠል በለ።

ሽዑ፡ “ኣየየየ. . .! ኣቲ በጊዕ፡ መርገም ናይ ጥልመት ማሕላ ናብ ውላድካ እዩ ዝሓልፍ ምሽ ኢልክኒ? ስለምንታይ ደኣ ሕጂ እቲ ጸገም ናባይ ወሪዱ?” ብምባል ኣብቲ ዝተንጠልጠሎ ገረብ ኮይኑ እናተቐንዘወ ሓተታ። ወያ በጊዕ ሸዑ፥

“ኣያ ትኹላ- ጠላሚ ማሕላ፡

እዛ መርገምሲ እምበኣር- ናባኻ ኣቢላ?

ብዛዕባ’ዚ፡

‘ናብ ውላድካ’ዶ ኣይኮነን ዝሓልፍ?’

ዝበልካኒ ድማ፡

ኣነ ዝፈልጦ የብለይን፡

ምናልባት ግን፡

ንዓኻ’ውን፡

ናይ ወለድኻ መርገም’ዩ፡

ጸኒሑካ ዝኸውን፡”

ብምባል ነቲ ማሕላ ጠሊሙ ክበልዓ ዝሓሰበ ተኹላ፡ ኣብቲ ዝተንጠልጠሎ ገረብ ሓዲጋቶ ናብ ካልኣ ከደት። እቲ ተኹላ ድማ፡ ኣብኡ ተንጠልጢሉ ሞተ።

ሞራል= “ካብዛ ዛንታ እንታይ ንመሃር?” እንተ ትብሃሉ እንታይ ምበልኩም ፍትዋት ቁልዑ!? “ጥልመት ጸቡቕ ከም ዘይኮነ ኢና ንመሃር፡” እንተ ደኣ ኢልኩም፡ ናይ በሓቂ ጸቡቕ ኣለኹም። ከም ዝረኣናዮ እቲ ተኹላ፡ “ዒራ እቲ መርገም ናብ ደቀይ እዩ ዝሓልፍ ኢሉ እዩ ነቲ ጥልመት ክፍጽሞ ሓሲቡ።

ዝኾነ ነገር ‘ዒራ ካልኦት እዮም ዝሸገሩሉ’ ኢልና፡ ብእንታይ ገደሰኒ ብዛዕባ ነብሰና ጥራይ እንተ ደኣ ንሓሰብ ኳንና፡ እቲ ጸገም ዘይሩ ዘይሩ ናብ ነብሰና ከም ዝመጽኣና እውን፡ እቲ ካልእ ካብዛ ዛንታ እንመሃሮ ምህሮ እዩ። ስለዚ ፍትዋት ቁልዑ፡ ከምቲ ንዓኹም ጸገም ክረኽበኩም ዘይትደልዩ፡ ንካልኦት ድማ ሕለዩ። ኣብ ቃልኩምን መብጸዓኹምን ድማ ጽኑዓት ኩኑ።

ዓበይቲ ዓያሹ

ንቕሓት ማለት ብባባ፡
ከመይ ጌርካ ብሉዶ፡
ንመጋጥምትኻ ተዕብዶ፡
ወይ ድማ፡
ንደገፍቲ ቸልሲ፡
ከመይ ጌርካ ብሜሲ፡
ከተሕርቐም ተምሲ።
ንቕሓት ማለት ብማማ፡
ከመይ ጌርካ፡
ምስ መሓዙትካ ቡን ኣፍሊሕካ፡
ፊልም እናረኣኻ፡
‘መርት’ ከምዚ ገበረ፡
‘ሳርፕ’ እዚ ደገመ!
እናበልካ ግዜኻ ተሕልፎ፡
መሓልፎ . . .
ንቕሓት ማለት ብኣና፡
ማለትሲ ብመሰረት መምህራንና ዝበሉና፡
ከመይ ገይርካ መጽሓፍቲ ትረክብ፡
ኣንቢብካ ኣንቢብካ ትዕንብብ።
እዋእ ከመይ’ዩ ነገሩ?
ተገላቢጡናዶ ትብሉ?
ሓቅኹም ሕማቕ ግዜ ኣርኪብና፡
ንሕና ቁልዑ’ኳ እናለበምና፡
ዓበይቲ ዝዕሸውሉ።

ሞልሲ ናይቲ ዝንገሰ ተማሃሪይ ሕንቲፕቲፕ

ኣብ ሓደ ሻብዓይ ክፍሊ ዝመሃሩሉ ክፍሊ፡ መም/ ረቕያ ዝተባህላ ናይ ማሕበራዊ ትምህርቲ መምህርቲ፡ ብዛዕባ ምዕቃብ ‘እንስሳታት ዘገዳም’ ክምህራ ጸኒሓን፡ ኣብ መወዳእታ ናይቲ ምህሮኣን ተማሃሮኣን ማዕረ ክንደይ ነቲ ምህሮ ከም ዝተኸታተልዎ ንምግምጋም ዝኣክል ሕቶታት ምሕታት ጀመራ።

ሓደ ‘ኣሎኒ’ ዝበሃል ተማሃራይ ግን፡ ንሰን ክምህራ ከለዋ ምስ ሓደ ‘ረያን’ ዝተባህለ ወዲ ሰፈሩ፡ ብዛዕባ ኩዕሶ ጸወታ እግሪ ዓዲ እንግሊዝ ከዐልል ስለ ዝጸንሐ፡ ነቲ ምህሮ ብግቡእ ኣይከታተሎን ነበረ። ስለዝኾነ ድማ፡ ይትረፍዶ ነቲ ሕቶ ብግቡእ ክምልሶ፡ እቲ ሕቶ እንታይ ይብል ከም ዝነበረ እውን ክርደኦ ኣይከኣን።

ኣሎኒ ዝምልሶ ጨኒቕዎ፡ ‘ፈጠጥ- ፈጠጥ!’ እናበለ ከሎ፡ “ሃየ እባ መልስ ኣሎኒ፡ እንስሳታት ዘገዳም ንምዕቃቦም ከመይ ከመይ ጌርና እንተ ሓዝናዮም ይሓይሽ?” ብምባል ነታ ሕቶ ደገማሉ።

ኣሎኒ ሆየ! ሓንሳብ ሕሰብ ኣበለ እሞ፡ “እንስሳታት ዘገዳም ደኣ፡ ብጭረኦም እንተ ሓዝናዮም እዩ ዝሓይሽ!” ክብል መልሲ ሃበ።

ደዋለ፦ ሃለው ምኽሪ ብዘለኵን ድዩ?

ኣማኻሬ፦ እወ ጸበቅ ኣሎኹ፡ ናብ ሞምሖተኤ ኣገልግሎት ምኽሪ ብዘለኵን ደዋልክ ኣሎኹ፡ መን ኽብል?

ደዋለ፦ ኣነ ሰመረ እዝል ወዲ 34 ዓመት፡ ካብ ደቀምሓረ እየ ዝድወል ዘሎኹ፡፡

ኣማኻሬ፦ ሕራይ ሰመረ ናብ መደወሊ ምኽንያትኻ ክንኣቱ?

ደዋለ፦ ጸበቕ፡ ኣነ ኣብዚ ዝሓለፈ 5 ዓመታት ኣብ ትምህርቲ እየ ጸኒሑ ኣብዚ እዋንዚ ተመዳቢ እሰርሕ ኣሎኹ፡ ሕጂ ናይ መርዓ መደብ ስለዘለኒ፡ ኣብ ትምህርቲ ኣብ ዝጀናሕክሉ እዋን ኣብ ሓደ ትኽል ዝተላለኻዋ ዛንቲ ሰብ ጠሚቲ ኣለኹ፡፡ እዚ ሰብ ኣብ ትምህርቲይ ቀለል ዘይኽፉ ሓገዝ እየ ጌረትለዩ ሓቂ ይሓይሽ ብጥሪሚ እየ ዝፈትዋ፡ እንድዒ ንዓይ ኩሉ እዩ ሕጂ ነምርያ ደልየ፡ እንተተመርጃኻዋ እንታይ ይመስለኻ?

ኣማኻሬ፦ ምስ ትፈትዋ እሞ ኸኣ ኩሉነገር ንትኾክልኻ ሰብ ደኣ እንታይ ዓይንኻ ምሕሰይ ኣድለየኻ፡ ወይስ ሕቶ ዝኾቶ ዘይዝጸንሓለይ ነገር ኣሎ እዩ፡፡

ደዋለ፦ ሓቅኻ ኢኻ ዘይዝጸነኩልኻ ነገር ኣሎኒ፡፡ ንሱ ድሙ- ኣነ ኣብ ንዚና ሓደ ወዲ እዩ ደሓር ከኣ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ንዚና መርዓ ኣይተገብረን፡፡ መርዓ ነዋጋር እንተኾይኑ ኣነ እየ ናይ ፈለሙ፡ ኣቦይ ብዘወፍ ስለዘፈልዋ ንምንታይ ትድንገዩ ኣሎኹም ዝል ዘይትገብሩ ብምባል ወትሩ እዩ ተመርዕወ. ዝብለኹ፡፡ እንታይ እሞ ሰቕ ኢልኻ እዩ፡፡

ኣማኻሬ፦ እሂ ደኣ ሰመረ እንታይ ድኣ ሰቕ ኢልኻ እዩ ትብል ኣሎኹ፡፡ እንታይ ደዩ እቲ ጸገም? ምድንጋይኻ ድዩ ወይስ ካልእ ምኽንያት ኣሎ?

ደዋለ፦ ናይ ምድንጋይ'ሲ ብዙሕ ኣይኮነን፡፡ እዝ ነም ዝጠመትኻዎ ዝሓርኩሩኻ ጓል ሰብ ንብር ዝፈተኽዎን ሓደ ወላድ ሐዚ ዝተፋተሕኩን እዩ፡፡ ንዓይ እኳ ብዙሕ ኣይምንጀበንዃ የግዳስ ካብ ገለ የዕሩኽይ ሓሳባት ክወስድ ኣለ ነም ናይ ካልእ ሰብ ኣምሳሉ "ዝደወለደ ምስ ዝወለደት እንተተመርዓወ ከመይ ትርእይዎ?" ኣለ እንተ ሓተትኻዎም ገለኦም 'እዚ ፈጺሙ ዘይክወን እዩ፣' ይብሉኒ፡፡ ገለኦም ከኣ 'ወላድ ዘለዎ ሰብኢ ነምርያ ተሰማዒዱ እዩ ወላድ ዘለዎ ሰብዩ፡ እሞኸኣ ንሱ ንብር ዘይፈተነ እንተኾይኑ ግና ብዙሕ ኣይተሰምደንዃ' ይብሉኒ፡፡ ገለኦም ከኣ እሞ ፈጺሞም ቡቲ ዘረባ ብምሕሪቕ ናይ ጸርፍን ንዕቀትን ቃላት ብምወናጨፍ 'ክሳእ እዚ ምኾቲ እዩ፣' ኣሉም ይምልሰሉዩ፡፡ ብዘቦኻ ዘተባህለ መልሲ ዝዘልል ኣይረኸቡኩን፡፡ እንታይ ጸገም ኣሎዎ ደዩ? ንሸባ'ኽ እዝ ጉዳይ ከመይ ትርእዮ?

ኣማኻሬ፦ ሰመረ፡ እንታይ ሰለ ዘኽፈእካ ኢኻ ግን ጉዳይካ ነም ናይ ካልኦት ሰባት ኣምሳሉ ክትሓትት መጽኣካ?

ንምንታይ ትድንገዩ ኣሎኹም ዝል ዘይትገብሩ ብምባል ወትሩ እዩ ተመርዕወ. ዝብለኹ፡፡ እንታይ እሞ ሰቕ ኢልኻ እዩ፡፡

ኣማኻሬ፦ እሂ ደኣ ሰመረ እንታይ ድኣ ሰቕ ኢልኻ እዩ ትብል ኣሎኹ፡፡ እንታይ ደዩ እቲ ጸገም? ምድንጋይኻ ድዩ ወይስ ካልእ ምኽንያት ኣሎ?

ደዋለ፦ ናይ ምድንጋይ'ሲ ብዙሕ ኣይኮነን፡፡ እዝ ነም ዝጠመትኻዎ ዝሓርኩሩኻ ጓል ሰብ ንብር ዝፈተኽዎን ሓደ ወላድ ሐዚ ዝተፋተሕኩን እዩ፡፡ ንዓይ እኳ ብዙሕ ኣይምንጀበንዃ የግዳስ ካብ ገለ የዕሩኽይ ሓሳባት ክወስድ ኣለ ነም ናይ ካልእ ሰብ ኣምሳሉ "ዝደወለደ ምስ ዝወለደት እንተተመርዓወ ከመይ ትርእይዎ?" ኣለ እንተ ሓተትኻዎም ገለኦም 'እዚ ፈጺሙ ዘይክወን እዩ፣' ይብሉኒ፡፡ ገለኦም ከኣ 'ወላድ ዘለዎ ሰብዩ፡ እሞኸኣ ንሱ ንብር ዘይፈተነ እንተኾይኑ ግና ብዙሕ ኣይተሰምደንዃ' ይብሉኒ፡፡ ገለኦም ከኣ እሞ ፈጺሞም ቡቲ ዘረባ ብምሕሪቕ ናይ ጸርፍን ንዕቀትን ቃላት ብምወናጨፍ 'ክሳእ እዚ ምኾቲ እዩ፣' ኣሉም ይምልሰሉዩ፡፡ ብዘቦኻ ዘተባህለ መልሲ ዝዘልል ኣይረኸቡኩን፡፡ እንታይ ጸገም ኣሎዎ ደዩ? ንሸባ'ኽ እዝ ጉዳይ ከመይ ትርእዮ?

ኣማኻሬ፦ ሰመረ፡ እንታይ ሰለ ዘኽፈእካ ኢኻ ግን ጉዳይካ ነም ናይ ካልኦት ሰባት ኣምሳሉ ክትሓትት መጽኣካ?

ደዋለ፦ ኣነስ ብኸፍኣት ሓሳብ ኣይኩንኩ፡፡ ኣነ እየ እንተ ኣለየ'ኳ ነም ሰብ ስለ ዝኾኑ ብቐንዓና እቲ ኣብ ልቦም ዘሎ ዝኣምኑሉ ሓቂ ኣይዓርኑን እዮም ኣለ ስለዘሓሰብኩ እዩ፡፡

ኣማኻሬ፦ ጸበቕ ናብ'ቲ ቀንዲ ኣርእስቲ ክመልሰኒ ክዘረገበለይ ይኽእል እዩ ኣልኻ እትሓስበሉ ነገር እንታይ እዩ?

ደዋለ፦ እቲ ብቐንዱ ክዘረብ ዝኽእል ሕሚታ ጥራሕ እዩ፡፡ ብዘኾነ ግን ካብ'ቲ ክዘረብ ዝኽእል ደስ ዘይብል ዘረባ "ሰብኢ ሓይም" ምባል እዩ ዝኸውን፡፡

ኣማኻሬ፦ እሞ ንስኻ ዝዚ ኣብዚኣ ከመይ ትርእዮ?

ደዋለ፦ ነም ሰብ ደስ ኣይብሎን እንድዩ ኣነ እንተፈትዀያ ግና ሰብ እንታይ የገድሎ?

ኣማኻሬ፦ ድልዩትካን ፍትወትካን ንኾልእ ሰብ ዋላ እኳ ዘገድሶ እንተኾይኑ ምነ ሰባት ስለ እኹብር ግና ፍጹም ሰባት ዝብልዎ ኣይዓጀበናንዃዩ ክብሃል ቀሲል ኣይመስለኒን፡፡ ዘቕረብዩዎ ሕቶ ብዋበት ተረዳኢኻ እንተዛልዩ፡ ካብዚ ኣምር ዝቅል ይመስለኒ፡፡ "ከይብሎኒ ዝብል ከይበልዎ ነይተርፍ" ነም ዝብልዎ እቲ ዘረባ ከይዘዘርበ ኣይትኣርፍን ይኸውን፡፡ እቲ ቀምሃር ግና እቲ ኣብዚኣ ንምንካ ማእረ ክንደይ ይዓጀበኩን ይጸልወኩን እዩ፡፡ እቲ ሓቂ እዝ ስለዝኾነ ድማ ክብይትዀም ዝመጽኡካ ዘረባታት ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ብኣካ ጥራይ እዩ ዝወሰነ፡፡ ነም ዘረባ ጥራሕ ክትሓልፍም ትኽእል ዲካ ወይስ ነፍሲ ወከፍ ዘረባታት ምስዚ ጉዳይ እናኣተሓሳሰበ ክትሓምሉ ንሽካ ጥራይ ኢኻ ክትግምቶ ትኽእሉ፡፡ ክትግምቶ ትኽእሉ ዘበኒ ምኽንያት ቅድሚ ሕጂ እዝ ተሞክሮዚ ተሞኪርዮ ስለ ዘይትፈልጥ፡ በዚ ሕጂ ይፈልጦ እየ ወይ ድማ እኸኽሎ እየ ኢልኻ እትዛረቦሉ ባህሪ ኣቲ ዝመጽኣካ ሓደሽ ተርእዮ ርግጽኛ ብምኳን መደምደምታ ክትሃብ ስለዘይትኽእል እዩ፡፡ ዝዚ ክትግምቶ ጥራይ እትኽእል ፍጻመ ውን እንተኾነ ክትገብርም ዝኽእሉካ ቅድመ ምድላዋት ኣሎ እዩ፡፡ እቲ ንሽካ ትኣምሎ ነገር ርግጽኛት ሓቅኣቲ ምርጫ ኣንፃሊ'ዩ፡፡ እዞም ክሳብዛ ሰዓትዚኣ ትፈልጦም ዓቕምካ ዘናቅዳልኻ፡ ሓቅታት ጸባሕ ነምኡ ደዊ ክኸውን ወይስ ስለዘይትፈልጥ ብዘዘኾሰካ መጠን ውሳኔታትካ ዝቕይሓዥ መርገፃ ክህልዎም ሕሱቡ፡ ስለዚ ናይ ሕጂ ፍልጠትካ ካብ ሲጋዊ ሃይይታ ደዩ ዝቑሽ? ዝኾነ ስለዝ. እንተመጸኡ ክጸወሮ ይኽእል ደዩ? ብምባል ብርግኣት ወሰኑ፡፡

ደዋለ፣ እወ እቲ ፍትወት ኣብ ቦትኡ ኣሎ እንድዩ ኣነ ናይ ሰብ ነገር እዩ ዝዝርመኒ ንምግባር ውሳኔይ ይኣምሎ እዩ፡፡

ኣማኻሬ፦ ጸበቕ እቲ ዘበደስ ሃወትካ ንሽካ ንምግባር ካልኦት ኣይኑርምን እዮም፡፡ እዝ ክዘልል ከሎ ግና ንበይንካ ካብ ሰባት ተፈሊኻ ትነብር ማለት ኣይኮነን፡፡ ብዙሕ ሰባት ክሳብ ሕዝቢ ክሳብ ክንደይ ሓደ ወላድ ክሳብ ክንደይ ሓደ ሓፍቲ ክሳብ ክንደይ ሓደ ዘመድ ክሳብ ክንደይ ሓደ ፍቑር ክሳብ ክንደይ ሓደ ፍቑር ክሳብ ክንደይ ሓደ ... ኣይኮነ ኣብ ሕይወትካ ክሳብ ክንደይ ሓደ ... ክሳብ ክንደይ ... ...

ስፖርት

ተስፋኣለም ገብረዮሃንስ (ኩሓ)

ዋንጫ ኣፍሪቃ - ኣስመራ 2018 -3 መዓልታት

AFRICA CUP Asmara | Eritrea

1ST EDITION
NOVEMBER, 21 - 25, 2018
ASMARA - ERITREA

ውድድር 'ዋንጫ ኣፍሪቃ - ኣስመራ 2018' መጋረጃኡ ክቕንጥጥ ናይ ሰሉስተ መዓልታት ግዜ ጥራይ ተሪፍዎ'ሎ። እዚ ካብ 21 ክሳብ 25 ሕዳር 2018 ዝተደገሰ መደብ ተታሒዙሉ ዘሎ ብዓይነቱ ናይ ፈለማ ዝኾነ ውድድር ብርክት ዝበሉ መባእሲ ክኾኑ ዝኾነሉ ዕለማታት ሒዙዎ ዝተደገሰ።

- ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ንዝሬርዩ ዘለዉ ተሳፊ ዘለዎም ተቕዳደምቲ ዓቕሞምን ብቕዓቶምን ዘርእዩሉ ባህጊታቶም ዘርወዩሉ ባይታ ምፍጣር።
- ክሳዓት ብሽክለታ ኣፍሪቃ ኣብ ንሓድሕደን ብዘዝሐሰ ውድድር ብቕዓቶን ንምብራኽን ምሕዝዝን ንምድልዳልን ዝሕግዝ ኣህጉራዊ መሳፍዒ ዘለዎ ውድድራት ንምውዳቡ።
- ናይ ኣፍሪቃ ብሓፊሹ ናይ ኤርትራ ድማ ብፍሉይ ዓቕሚን ባህልን ብሽክለታ ምዕሳሉ።
- ኣብ ወሽጢ ዓዲ ንዝርጋሁ ብሉጻት ተቕዳደምቲ ኣህጉራዊ ናይ ውድድር ባይታ ምፍጣርን ኑዞም ዝበዝሑ ዝተረፉ ድማ ምትብባዕ።
- ናይ ኤርትራ ኣህጉራውያን ውድድራት ናይ ምውዳቡን ምእንጋድን ዓቕምን ደረጃን ንምዕባይ።

ብቕዓትን ዓቕሚን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ኣብ ኣፍሪቃ ቁጽሪ ሓደ'ዩ እንተተባህለ ምዃኑን ኣይክውንን'ዩ። ናይ'ዚ ብዕለም ደረጃ'ውን ንኣህጉር ኣፍሪቃ ዘኸመየ ብቕዓት፣ ቀጻልነቱ ምውሓስ ድማ ናይ ኩሉ ዝምልከቶ ሓላፍነት'ዩ። ሓደ ካብቲ ብቕዓትን ደረጃን ቅድድም ብሽክለታ ሃገርና ንምብራኽ ክወሰድ ዘሎዎ ተበጥሊታት ከኣ ምእንጋድ ዝተፈለለዩ ኣህጉራዊ ውድድራት ይኸውን። ሰዓዲ እምባሕሮ'ዩ ፈደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ምስ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራን ካልኦት መሻርኽቲን ብምትሕብባር ጠሸሪ ውድድር 'ዋንጫ ኣፍሪቃ' ዘጕንፀድ ዘሎ።

ትማሊ ቀዳም 17 ሕዳር 2018 ኣብ ሰዓታት ቁርሲ፣ ተቕዳደምቲ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ናብ ዝምገበሉ ቤት መግቢን ማነቢን ሄዳ ብምኾድ ረኺብናዮም ነይርና። ኣሰልጠንቲን ተጻወትቲን ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፣ ምድላዋቶም ከመይ ከም ዝመሰለ ኣዕሊሎምና ኣለዉ።

ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ደቂ ተባዕትዮ ኤርትራ ብኣሰልጣኒ ሳምሶን ሰለሙን ትምራሕ ከም ዘለ ይፍለጥ። ንሱ፣ እዚ ሃገራዊት ጋንታ "ኩሉም ኣብ ወሽጢ ሃገር ጥራይ ዝወዳደሩ ተቕዳደምቲ ዝተዘጋጀት ፍሉይት ዘለዋ ጋንታ'ዩ" ብምባል'ዩ ገለጾ። ፕቸርጃዊ ኣቃወማኣ ብዘምልከት ድማ ኣሰልጣኒ ሳምሶን "ኣብ ቅድድም ብሽክለታ ንዘለዉ ደረጃታት ማለት፣ ክኢሊታት ቅጽበታዊ ውድድር ጉልበትን ትንፋስን ዘለዎም ናይ ጉዕዞ ሱፑቢቲ ... ዘሎዎ ተጻወትቲ ዝተዘጋጀት'ዩ" ኢሉ። ኣብዚ ውድድር ንዘጥቀመሉ ኣሰልፊ ተቕዳደምቲ ክበልጽ እንከሎ ድማ ኣሰልጣኒ ሳምሶን "ነም ዝፍለጥ እዚ ውድድር ኣርባዕት ደረጃታት ዝሓዘ'ዩ፣ ናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር፣ ናይ ጋንታ ናይ ግዜ ውድድር፣ ናይ ጽርግያ ውድድርን ክራይተርዮምን ማለት'ዩ። ስለዚ፣ ኣሰልፊ ተቕዳደምትና ኣብ ህሉው ቁመናኡም ምርኣስ ብምግባር'ዩ ተዳልዩ ዘሎ" ኢሉ።

"ንኣፍቃሪ ቅድድም ብሽክለታ ሃገርና ዝለመዶ ዓወታት ክነጐናጽፎ ግደና እዩ፣" ኣሮን ደብረጽዮን



ኣሮን ደብረጽዮን ሓለቓ ጋንታ'ዃ ኣብ ዋንጫ ኣፍሪቃ እትሳተፍ ዘለ ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ'ዩ። "እዚ ጋንታ ኣብ ቅድድም ብሽክለታ ዝደለ ክኣት (ሽኣ፣ ትንፋሉ ጻዕሪን ተጻዋርትን. . .) ዘለዎም ተቕዳደምቲ ዝተዘጋጀት'ዩ። ስለዚ፣ ምድላዋትና፣ ሱፑኣምሮኣዊን ኣሰላዊን ንኹሉ ዘጠቓለለ'ዩ" ብምባል'ዩ ንምድላዋቶም ገለጸ። ኣሮን ዛጊት 17 ግዜ ብምልያ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ኣብ ዝተፈላለየ ኣህጉራዊን ዓለማዊን ውድድራት ብሽክለታ ዝተሳተፈ መንእሰይ ተቕዳዳሚ'ዩ። እዚ ውድድር ገዳና ፍልይ ዝበለ'ዩ፣ ኣብ ውድድራት ዛር ኣና ክንሳተፍ ጸኒሕና። እዚ ንዳጋን ዝዘክሕና ኣባላት እዚ ሃገራዊት ጋንታ ናይ መጀመርያና'ዩ። ዝበለ ኣብ ሃገራት ርዋንዳ ኣልጀርያ፣ ሞሮኮ፣ ጋቦንን ሰዳንን ከይዱ ዝተወዳደረ ተቕዳዳሚ ክሳብ ኣባይ ኣሮን ደብረጽዮን "ኣብዚ ንኽልት ቕነ ዙዳድናዮ ምድላዋት፣ ኩነት ኣእምሮን ሓድሕንን ተቕዳደምቲ ዝምሰጠን'ዩ። ፕሮፌሽናል ተቕዳደምቲ ሃገርና ኣብ ዕናቲ'ዮም ዝርከቡ። ንኣፍቃሪ ቅድድም ብሽክለታ ሃገርና ነሞ'ቲ ዝለመዶ ዓወታት ክሕናጽፎ ግደና እዩ" ኢሉ።

"ምስ ዘለና ህንጡይነት ክንዕወት'ዩ ምንዮትና" ዝናብ ፍጹም



"ብዋጋሌ ሃገራዊት ጋንታ ኣብ ኣህጉራዊ ጸወታታት ክሳተፍ ፋልማ'ዩ'ዩ። ናብ ዝደለኽዎ ዕማማ ዝወጽእ እማሳሳ" ዝበሎ ኣብል ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ዝናብ ፍጹም እዩ። ተቕዳዳሚት ክሳብ ዓራግ ዝኾነት ዝናብ ፍጹም ብጽልዋ ሓብታ ጸሃይሽ ፍጹም ናብ ዓውዲ ቅድድም ብሽክለታ ነሞ ዝኣተወት ትገልጽ። "ኣብዚ ንክልተ ቕነ ዙዳድናዮ ልምምዳትን ናይ ወሽጢ ሃገር ውድድራትን ምስ ዘለና ህንጡይነት ክንዕወት'ዩ ምንዮትና" ትብል።

ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ደቂ ተባዕትዮ ኤርትራ

ኣብ ናይ ጋንታን ናይ ውልቂን ናይ ግዜ ውድድር፣ ሓንቲ ሃገራዊት ጋንታ፣ ኣርባዕተ ተቕዳደምቲ ከተሳልፍ ነሞ እትኾኑሉ መምርሒ ውድድር ዋንጫ ኣፍሪቃ የጸርር። በዚ መሰረት፣ ተቕዳደምቲ ኣሮን ደብረጽዮንን ሰረክ ተሰፍምን ኣብ ናይ ኣሊት፣ ሄኖክ ምስኣብርሃንን ዳኒኤል ሃብተሚኬልን ከኣ ኣብ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት ኣብ ኩሉ ናይ ግዜ ውድድራት (ናይ ጋንታን ናይ ውልቂን) ዝነሃሉ ተቕዳደምቲ ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ደቂ ተባዕትዮ ኤርትራ ምኾናም ተፈሊጡ'ሎ።

ኣብ ውድድር ክራይተርዮም ኾነ ወሽጢ ሃገራዊት ጋንታ፣ ዝዘዓለ ቁጽሪ ክሳብ ኣርባዕተ ተቕዳደምቲ ከተሳልፍ ይፍቀዱ። ሄኖክ ምስኣብርሃንን ናትናኤል ተሰፋጽዮንን ኣብ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት ውድድር ክራይተርዮም ዝነሃሉ ተቕዳደምቲ እዮም፣ ኣብ ውድድር ኣሊት ዝነሃሉ ተቕዳደምቲ ኣብ ግዚኡ ክፍለጡ ምኽናም ዝርኸቡኦ ሓቢሬታ የጸርር።

ኣብ ውድድር ጽርግያ ኣሊትን ትሕቲ 23 ዓመትን ደቂ ተባዕትዮ፣ ሓንቲ ሃገራዊት ጋንታ ሸሞንተ ተቕዳደምቲ ከተመዝገቡ ነሞ እትኾኑሉ መምርሒ ውድድር ዋንጫ ኣፍሪቃ ይገልጽ። ብዘወሰኽሰ፣ ኣብዚ ደረጃ ሸዳሽተ ተቕዳደምቲ ክነሳፉ ይኽእሉ። ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ሓቕፋቶም ካብ ዘለ ሸሞንተ ተቕዳደምቲ ዝኣሊታት ቅጽበታዊ ውድድር ሰረክ ተሰፍምን ናትናኤል ተሰፋጽዮንን ሄኖክ ምስኣብርሃንን ዝርከቡዎም ሸዳሽተ ተቕዳደምቲ ኣብዚ ናይ ጽርግያ ውድድራት ክሳተፉ ኣለዉ።

ኣብ ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ደቂ ተባዕትዮ ኤርትራ ኣብ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2018 እዞም ዝነሃሉ እዮም፣

ኣሰልጣኒ፣ ሳምሶን ሰለሙን

መቀኒ፣ ፊረጅ መሓመድኑር

ተቕዳደምቲ

1. ኣሮን ደብረጽዮን ካብ ክሳብ ኣባይ
2. ሄኖክ ምስኣብርሃን ካብ ክሳብ ኣባይ
3. ዳዊት የማነ ካብ ክሳብ ኣባይ
4. ዳኒኤል ሃብተሚኬል ካብ ክሳብ ኤሪተል
5. ሰረክ ተሰፍም ካብ ክሳብ ኤሪተል
6. ናትናኤል ተሰፋጽዮን ካብ ክሳብ ኤሪተል
7. ርስል ተወልደ ካብ ክሳብ ሰግል
8. ተሰፋይ ምሕረትኣብ ካብ ክሳብ ሰግል

ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ የናስ ዘርያስ ንምድላዋቶም ኣመልኪቱ "ዝ. ውድድር ደቡብ'ዩ ዝበልናዮ ምድላዋት ኣህይዲና ኣሎና። ተቕዳደምቲና ኣብ ጸበቕ ቁመና ኣሎዉ" ኢሉ። ኣስታት መወዳደርቲ ሃገራውያን ጋንታታት ክበልጽ እንከሎ ድማ ኣሰልጣኒ የናስ "ተቕዳደምቲ ሃገራዊት ጋንታ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ሃገርና መጺእን ሰዒሮናና ነይረንዮ ምናልባት ፕሮፌሽናል ተቕዳደምቲ ሒዝም ክመጹ'ዮም፣ ብዘወሰኽሰ፣ ኢትዮጵያ ምስራት ተጻወትቲ ኣለዋ'ም። ርዋንዳ'ውን ብተመሳሳለ። ስለዚ፣ ሓያል ተወዳዳርነት ክህሉ'ዩ" ኢሉ።

"ሓያል ተወዳዳርነት ዘለዎ ውድድር ክኸውን'ዩ" ሄኖክ ምስኣብርሃን

ሄኖክ ምስኣብርሃን፣ ኣብ ቀጠርን ኣወሳትራልያን ኣብ ዝተኻየደ ውድድራት ሻምፕዮን ዓለም ዝዝራዊት ጋንታ ኤርትራ ወኪሉ ዝተወዳደረ ትሳፈው ተቕዳዳሚ ክሳብ ኣሰቢኑ'ዩ። ንሱ፣ ምድላዋቶም ንዋንዳ ኣፍሪቃ ኣመልኪቱ "ዝ. ውድድር ብጽቡቕ መዳለ ኢና ተዳሊና ዘሎና። ብኡሰልጣኒና ንዝወሃበና ስልቲ ውድድር ብምትግባር ከኣ ንዝጽበኖና ህዝቢ ዓወት ከምዝገበሮ ንኣርሕ ኣሎና፣" ኢሉ። ሄኖክ ምስኣብርሃን ብምልያ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ይኹን ክሳብ ኣሰቢኑ ኣብ ሃገራት ጋቦኑ ነዋሪሩን ርዋንዳን ኣብ ዝተኻየደ ዝተፈላለየ ውድድራት ተሳቲፉ እዩ። ኣብ ዋንዳ ኣፍሪቃ ንዝተፈ ሃገራውያን ጋንታታት ደማ ብኸመ'ዚ ይገልጾ። "ደቡብ ኣፍሪቃውያን ተቕዳዳሚት፣ ኣብ ሓጺርቲ ኩርናዕት ዘለዎም ተክህኒ ብሽክለታ ዝኸኣሉ'ዩ። እዚ ማለት ኣብ ናይ ክራይተርዮም ውድድራት'ዩ። ብወኒይ ነቲ ተክህኒ ኣብ ማእከል መሳልጠኒ ቅድድም ብሽክለታ ዓለም - ዩሲኣይ ስለዘለናስ ተማሂሮ'ዩ። ኣብ ናይ ግዜ ውድድር እውን ንጹዋት እዮም" ኢሉ። ርዋንዳውያን ኣብ ናይ ግዜ ውድድር ብቑዕት'ዮም፣ ነም ቦዕል ኣረኣያ እንተመጺኦም ሓያል ውድድር ክህሉ እዩ። ዝበለ ተቕዳዳሚ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ሄኖክ ምስኣብርሃን ቀጺሉ "የሰፍ ረብጊ ዝርከብ ሃገራዊት ጋንታ ኣልጀርያ'ውን ኣብ ሽኣ ተወዳዳሪት'ያ፣ ስለዚ፣ ሓያል ተወዳዳርነት ክህሉ ውድድር ክኸውንየ ትጽበ'ኻ። ተሰፋ እንብር ምስ ደቂ ጋንታይ ዝ. ውድድር ክንዕወተሉ" ብምባል ርእይቶኡ ሃበ።

"ንዓወታት ሻምፕዮን ኣፍሪቃ - ርዋንዳ ክንደግሞ ተዳሊና'ለና" ብስራት ገብረመስቀል

ተቕዳዳሚት ብስራት ገብረመስቀል፣ ቅድሚ ሕጂ ንኤርትራ ወኪላ ኣብ ሃገራት ግብጺን ርዋንዳን ኣብ ዝተኻየደ ውድድራት ተሳቲፋ ነይራ። ኣብል ክሳብ ደንደን ዝኸዳት ብስራት ኣብ ሻምፕዮን ዓለም ንምስታፍ እናተዳለወት እዃሰ ኣብ ኢዳ መጕዳኒ ኣጋፊቃዋ ምንጊሩ ትገልጽ። "ካብ ዝበረረ መጕዳኒ ቅድሚ ወርሒ'የ ሓወቕ። ኣብዚ እዋንዚ ኣብ ጸበቕ ኩነታት ዋፃናን ቁመናን ኣለኹ፣" ክላ ትብል። ንዓልሳይ ግዚኣ ኣብ ኣህጉራዊ ውድድር እትሳተፍ ተቕዳዳሚት ብስራት "ኣብዚ ተቕረበ ዘሎ ውድድራት፣ ንዓወታት ሻምፕዮን ኣፍሪቃ - ርዋንዳ ክንደግሞ ተዳሊና ኣለና፣" ብምባል ርእይቶኣ ኣቕሪባ።

ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ

ኣብዚ ውድድር ዝህሉ ኣሰልፊ ተቕዳዳሚት ደቂ ኣንስትዮ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፣ ኣብ ናይ ጋንታ ናይ ግዜ ውድድር፣ ዝናብ ፍጹም፣ ኣድያም ተሰፋኣለም፣ ዲና ዳዊትን ትዕግስቲ ገብረሂወትን ተመዳቢን ኣለዉ። ኣብ ናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር ኣድያም ተሰፋኣለምን ዲና ዳዊትን ክሳተፉ እዮም። ኣብ ናይ ጽርግያ ውድድር ዝናብ ፍጹም፣ ኣድያም ተሰፋኣለም፣ ትዕግስቲ ገብረሂወት፣ ስለሚኬል ፍሃየን ሰጠን ኣርኣያን ክወዳደራ'ዮም። ኣብ ውድድር ክራይተርዮም ከኣ ስለሚኬል ፍሃየ ብስራት ገብረመስቀል ዝናብ ፍጹምን ዲና ዳዊትን ክሳተፉ እዮም።

ኣብኣት ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ኣብ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2018 እዞም ዝነሃሉ'የዮም፣

ኣሰልጣኒ፣ የናስ ዘርያስ

መቀኒ ሰዓድ ዒሳ

ተቕዳዳሚት

1. ዝናብ ፍጹም ካብ ጋንታ ዓራግ
2. ዲና ዳዊት ካብ ጋንታ ዓራግ
3. ትዕግስቲ ገብረሂወት ካብ ጋንታ ጋላ ኸሒ.
4. ብስራት ገብረመስቀል ካብ ክሳብ ደንደን
5. ሰጠን ኣርኣያ ካብ ጋንታ ኤስትሮላይት
6. ኣድያም ተሰፋኣለም ብብኽሪ
7. ስለሚኬል ፍሃየ ብብኽሪ

ጋንታ መንእሰያት ኦሎምፒክ ኤርትራ መተባብዒ ሽልማት ተበርኪቱላ

ሃገራዊ ኮሚቴ ኦሎምፒክ ኤርትራ፣ ንኣባላት ናይታ ኣብ ሳልሳይ ዓለማዊ ውድድር ኦሊምፒክ መንእሰያት 2018 ተሳቲፋ ኣተባቢዒ ወጽኢት ዘመዝገበት ጋንታ ኦሎምፒክ ኤርትራ መተባብዒ ሽልማት ምዝ ህዘባዊ ርክባት ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ሓቢሩ።

ኣብቲ ሓሳፍቲ ኮሚቴ ኦሎምፒክ ኤርትራ ወኪልቲ ሃገራውያን ፊደረሽኖት ኣትሊቲክስን ቅድድም ብሽክለታን ኤርትራን ነሞኡ'ውን ኣትሊታትን ኣሰልጠንትን ዝተረኽቡሉ ሰኰርንት፣ ምክትል ፕረዚደንት ሃገራዊ ኮሚቴ ኦሎምፒክ ኤርትራ ጠቕላሊ ልኡኽ ገድሲ ኦሎምፒክ ኤርትራ ኣቶ መሓሪ መብራህቲ ኣብ ዘለመየ ቃል ኣብቲ ውድድር ዝተሳተፉ ስፖርታውያንን ኣሰይቶምን ዘርኣዩዎ ብዓይ ሲፕሊን ዝተሰዀመ ተወዳዳርነት ልዑል ምንጊሩ ገለጹ። ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባሳደር ዘመደ ተኾሎ ንኣባላት ናይታ ጋንታ ዝተዳለወ ገዝዘዊ ሽልማት ድሕሪ ምዕዳሉ ኣብ ዘለመየ ሓዳር ቃል ኣብቲ ዓለማዊ ውድድር ዝተሳተፉ ተቕዳዳሚትን ኣትሊታትን ዘርኣዩዎ ተወዳዳርነትን ዘመዝዝዎም ወጽኢትን ንመጻኢ ቡቲ ዓወዲ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክበጽሑን ብዘዎት ኣርኣያ ጠቓሚ ክኾኑ ዝኽእሉ ሃገራዊ ፕروጀክትታት ክሰርሑ ምኽኣል ብምምልክት፣ ዝተ ረኸቦም ዘለዉ ወጽኢት ከይተዘዘ ንዝበለጸ ወጽኢት ጸዕርታቶም ከሕዲሉ ከለዉኹ ኣመሓላልፉ።

ንጋንታ መንእሰያት ኦሎምፒክ ኤርትራ ዝሓለፈ ጥቅምቲ 2018 ኣብ ቦይሰ-ኣይረስ (ኣርጀንቲና) ዝተኻየደ ሳልሳይ ውድድር ኦሊምፒክ መንእሰያት፣ ብዓውድታት ኣትሊቲክስን ቅድድም ብሽክለታን ምስታፉ ዝኽሰቦ ኮይኑ፣ ኣብ ውድድር ኣትሊቲክስ 2000 ሜትር steeple-chase ብኣትሊት ኣብል የሜ ኑሓሰ መዳልያ ምስታራ ይዝከር።

ቅልጡፍ ስጉሚ ፍርያት ኤለክትሮኒክስ

ዳህላክ ነጋሲ

ኣብዚ እዋንዚ፡ ዕለታዊ ህይወት ደቂሱቡ ብዓይኑን ትሕዝዩኡን ዝተፈላለየ ሓበሬታ ብዘመሓላልፍ መራኸቢታት ተኸቢቡ ይርከቡ፡ እቲ ቀደም - ናይ መራኸቢ ኣጋብቡ ኣብ ወሰን ቦታ ዝተሓጽረ ድሩትዩ ዝነበረ፡፡ መልእኽቲታት ናብ ርሑቕ ከብቢታት ንኽዘርጋሕ፡ ነዊሕ መሬታት ስለዝወስድ፡ ኣብ ገለ እዋን ትርጉም ኣልቦ ይኸውን ነይሩ፡፡ ሎሚ ግዜ ሓንቲ መልእኽቲ ናብ ኩሉ ከርናዎት ንኽስብጽሕ ሐደት ካልኢት ጥራይ እዩ ዘድልዩ፡፡ እዚ ሓዳድ'ዚ እምባኣር፡ ብርሚጽ - ፍርያት ኤለክትሮኒክስ እዩ፡፡

ሎሚ፡ ብዙሕ ካብ ህዝቢ ዓለም ተጠቃሚ ዝተፈላለየ ኤለክትሮኒካዊ መሳርሒታት ኮይኑ ኣሎ፡፡ ብፍላይ ኣብ ከተማን ሓወሲ ከተማን ዳርጋ ኣብ ነፍሲ-ወፃፍ ቤት ልዕሊ ክልተ ኤለክትሮኒካዊ ኣቕሓ ምርኣይ ንብር ኮይኑ ኣሎ፡፡ ስቲ፡ ተሌቪዥን፡ ሬድዮ፡ ተሌፎንን ኮምፒዩተርን ብኡበት ክጥቀሱ ደኣኣል፡፡ ንዋይታት ግበይትን ንኣሽቱን ትካላት እውን ብዘይ ኤለክትሮኒካዊ መሳርሒ ቀጻልነትን ውጽኢትን የብሉን፡፡ ከሉ-መዳያዊ ምንቅስቓሳት፡ ምስ'ቲ ፍርያት ተተሓሓዚ ልክዕ ከም ክልተ ገጽ ናይ ሓንቲ ሳንቲም ብምኳን ይምርሽ ኣሎ ክበሃል ደኣኣል፡፡

ኤለክትሮኒካዊ መሳርሒ፡ ንኣፍሪይቲን ተጠቀምቲን እዩ ዘርብሕ፡፡ ተገልጋሎ ዝደለየዎ ኣገልግሎት እንተ ረኺቡዎ ብኡኡ መጠን ኣብ ዕለታዊ ንዋይታቱዎም ይረብሕ፡፡ ኣፍሪይቲ ድማ ብመጠን'ቲ ፍርያቱን ዝህልዎ ጠለብ እትዋቱን ይዕዋር፡፡ ግዜ እተን ተጓጻዒ መኽሰብ ዝሓፍሳኑ እተን ኣብ ጸጽባሕ ሓደሽ ፍርያት ምስ ሱሓቢ መልክዕ - ዘዳልዋ ሜርሞሽሽ ትካላት እዮም፡፡ ገለ ካብ'ቲ ሞቐምታቱ ወይ ኣጉዳሰቱ ምስ እንርኢ፡ -

ቀዳማይ - ፍርያት ኤለክትሮኒክስ ኣብ ሓደሽ ዕዳጋ ተዘርጊሑ ተጠሲቡት ንኽጋብሑ ዝጣዕሑ ዕድል ኣለዎ፡፡ ዘይተም ካልእ ፍርያት፡ እቲ ንብረት ኣብ ሓደ ትሕዝዩ ከይተሓጽረ ኣብ ሓጺር ግዜ ብኻልእ ዝበለጸ ኣቕሓ ስለዝቅየሩ ቀጻሊ ጠመተ ዎምዋል ክሰሕብ ተኽእሎታቱ ርሒብ እዩ፡፡

ካልኣይ - ኣፍሪይቲ ትካላት፡ ዎምዋል ንምስሓብ ዝተፈላለየ ኣገባባት ስለዝጥቀማ - ንኣብኡት፡ መወዳወዲ ብምኽያድ ኣብ ወሽጠ. ሐደት ሰዓታት ምናልባት ክኣ ኣብ መዓልታት፡ ዘይተኣደነ መኽሰብ ይግዝጡ፡፡ ከም ወጽኢቱ እቲ ዘዳልዋኦ ብዘሐ. ብተሓጸጸፈ ኣዛዝ ይዛይድ፡፡ እዚ ኣብ መንነ እተን ትካላት፡ ናይ ምውድዳር መንፈስ ስለዘህጠዘ፡ ብልጽ ንብረት ኣብ ምፍራይ ይሕግዝ እዩ፡፡

ሳልሳይ - ኣፍሪይቲ ትካላት ብቐጥታ እዮን ምስ ዎምዋል ዝራኸቡ፡ ንኽልተኣም ዘራኽብ መንገዲ ስለዘይህሉ፡ ንኣዳለወትን ተጠቃምትን ረቡሓታት ኣለዎ፡፡ ትካላት ኣታዋኣን ብቐጥታ ስለዝረኽቡኡ፡ ፍርያተን ብሸሚኡ ክሽጣ ይሕግዞ፡ ከም ኣብ ምስናዕ ኣሰምትን ምዝንባዕ ዋጋታትን ዝኣመሳሰለ ክስተት ምድንጋሪት ንምጉዳል እውን ኣበርክዩ ኣሎዎ፡፡

ራብዓይ - ኤለክትሮኒካዊ መሳርሒ ዝሸጣ ትካላት፡ ዝበዝሐ ንጥሪታተን ብመገዲ ኢንተርነትን ዝኣመሳሰለን እዮን ዘካይዳኡ፡ ቡቲ ዘዳቋርጽ ኣገልግሎተን እምባኣር፡ ብልጽ ስርሓት ብምቕራብ እምት ተጠቃሚይ ክኸሰብ ይኽእሉ፡፡

ኣብዚ እዋንዚ፡ ቀንዲ ተገልጋልቲ ተንቀሳቓሲ ኤለክትሮኒካዊ መሳርሒታት፡ ቁልዑን መንእሰያትን እየዮ፡፡ እተን ትካላት'ውን ጠመተአን ናብኡም ብምእንፋት ይዓዩ፡፡ ከም ሳዕቤኑ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ብዘንምታ ከቢድ ሃሳያ ይወርድ፡፡ እቲ ምንታይ፡ እዞም ክልተ ቀጻሊ - ኣብ'ቲ ፍልጠት ዘካፍብዝሉን ዝተሻሸርዎ ብዮብሪ ዝዋጸሉን ወነዲ መድረኽ ግዳያት ወይ ውሉፋት ናይ'ቲ መሳርሒ ንምኳን ስለዝቕሰበ፡፡

ሎሚ፡ ቡብዓይኑ ኤለክትሮኒካዊ መሳርሒ ዘፍርይ፡ ኣዝዮን ብዙሓት ትካላት እዮን ዘለዋ፡፡ ብመንጽሮ'ቲ ዝቐርባኡ ትሕዝዩ ዓይነቱ ብቐዳቱ ዋጋኡን ካልእ ረቛሒታትን ድማ ኣብ ዕዳጋ ጸብልታ ይህልወሎ፡፡ ኤለክትሮኒካዊ መሳርሒ፡ ብኽልተ ኣዕድ - ሃርድ ዌርን ሶፍቲ ዌርን ዝቐመ እዩ፡፡ ንኣብኡት፡ ሓንቲ ኮምፕዩተር ንወሽጣዊ ንጥሪታታ ከም ሞተር ብምኳን ዘንቀሳቕሳን ዘይትሽፍን ክፋል ሶፍቲ ዌር ደዘዝል፡፡ እቲ ካልኣይ፡ ዝደነገሰ ደጋዊ ክፍል ድማ - ሃርድ ዌር ደበሃል፡፡ ዝተፈላለየ ሃርድ ዌራት ብምፍራይ፡ ኣብ ቅድሚት ዝነርዓ ዓበይቲ ከብጣንያታት ዓለምና ከኣ እዞን ዝነዳገ እዮም፡-

1.ኣፕሎዮን ኣፕል (Apple Inc) - እቲ ትካል፡ ቀንዲ መደበኩ ኣብ ኩፐርቲኖ - ካለፎርንያ እዩ፡፡ ካብ 1976 ጀሚሩ፡ ናይ ኮምፑተር ‘ሃርድ ዌር’ ኣብ ምፍራይ ደርጃ ኣሎ፡፡ ዝተፈላለየ ኮምፕዩተራት፡ ኣይ-ፓድ ታብሌታት፡ ኣይ-ፎን ሶፍት ሞባይላት፡ ሶፍት ቡበደረጃ'ኣንን. . ካልእ ብዙሕ ኤለክትሮኒካዊ ኣቕሑን የፍሩ፡፡

ፍርያቱ ናብ ተጠቃምቲ ንምብጽሕ ከኣ ቀጥታዊ መስመር ኢንተርነትን ካልእ ንግዳዊ ንጥሪታትን ይኽተል፡፡ እቲ ሜርሞሽሽ ትካል ኣብ ዝበዝሪ ጸብጽቡ ኣብ ወሽጠ. ሰሳሳተ ዓመት 199.4 በልዮን ዶላር ዝዋመት ንብረት ከምዝሸጠ ይገልጽ፡፡ ኣሳታት 261.9 በልዮን ዶላር ዝዘጽሕ ርኡሶ ከምዝሰዎ እውን ይሕበር፡፡

2. ከብጣንያ ኤለክትሮኒክስ ሳምሱንግ (Samsung Electronics co)፡ እዚ ኣብ ደቡብ ኮርያ ዝመደበሩ ትካል ቀንዲ ኣትዚሮኡ ወጽኢት ኤለክትሮኒክስ ኣብ ዝኸት ዝተፈላለየ ሞባይላት እዩ፡፡ ብቐጻሊ ብልጽ ፍርያት ብምድላው ከኣ ቡዙዋት ዕወት ስርሓት ከቕርብ ዝኸኣለ እዩ፡፡ ሶፍት ተሌፎን ሓንቲ ካብ ምዕቡል ፍርያቱ እዩ፡፡ ከምኡ እውን ልዑል ጌጋ ስርሓት ዘለዎ ተሌቪዥን የፍሩ፡፡

እዚ ከብጣንያ እዚ ቅድሚ ሰሳሳተ ዓመት ኣብ ዘቡዳ ፋይናንሻዊ ጸብጽቡ ኣሳታት 209.6 በልዮን ዶላር ርኡሶ ከምዝወስን ሃገሩ ነይሩ፡፡ 195.9 በልዮን ዶላር ዝዋመት ዝተፈላለየ ንብረት ከምዝሸጠ እውን ገለጸ፡፡

3.ኣይ.ቢ.ኤም (International Business Machines)፡ እዚ ከኣ ኣብ ከተማ ኒው የርክ - ኣመሪካ ይርከብ፡፡ ንሬሎማ ግዘኡ ኣብ 1981 ኮምፕዩተር ብምፍራይ ኣብ ሓጺር ግዜ ኣብ ኢንዱስትሪዊ ንጥሪታት ቅርጺ ክኽዝ ቐፀሎ፡፡ ኣብ'ቲ ፈለማ ወጽኢታዊ ዝኸኑ ምዕቡል መሳርሒ የዳሉ ብዘይምንባሩ፡ ብዙሕ ብድሆታት ከም ዘጋጠመ ይፍለጥ፡፡ እንተኾኑ ድሙ-ምትዕርራይት ብምግባርን ስርዓተ-መርከብ ብምሕያልን ዝጋጠሞ ሕጽረት ክፍወስ ክኢሉ፡፡ ከም ወጽኢት ጻዕርታቱ ድሙ ምዕቡል ሃርድ ዌር ብምቕራብ ተወዳዳሪ ክኸውን ቐፀሎ፡፡ 93.4 በልዮን ዶላር ዝዘጽሕ ንብረት ክሸይጥ እኽሎ፡ ርኡሱ ግሉ ከኣ 177.5 በልዮን ዶላር ከምዝኸነ ይሕበር፡፡

4.ፎክስ ኮንክሽን ቴክኖሎጂ (foxconn technology group)፡ እዚ ትካል'ዚ ኣብ ሃገረ ታይዋን ዝርከብ ኩይኑ፡ ዝተፈላለየ ዓይነት ኤለክትሮኒካዊ ኣቕሑ ብወፅል ይሰርሕ፡፡ እቲ ብመገዲ ወፅል ዘሎዎ ንጥሪታት፡ ብኣድማዕቡ ብቐዳምት ይጥቀሕ፡፡ ፍርያቱ ንከብጣንያ ኣፕል እውን የቕርብ እዩ፡፡ ጸብጽቡ ከም ዝኸብሮ ኣሳታት 40.3 በልዮን ዶላር ርኡሱ ይውንን፡፡

5. ኣኸሎዮን ኤች ፒ (Hewlett-packard company)፡ ኣብ ፓሎ ኣትሎ - ካለፎርንያ ይርከብ፡፡ ቀንዲ ዘፍርዮ ንብረት፡ ላፕቶፕ ኮምፕዩተራን ፕሪንተራትን እዩ፡፡ ኣብ'ቲ ፈለማ ፍርያቱ ዕዳጋ ምስ ሰኣኑ ኣብ ክልተ ተኸፊሉ ስራሕ ተተሓሒዝሞ፡፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ከኣ እተን ክልተ ጨናፍሩ ቀጻሊ መጻናዕቲ ብምክያድ ሓደሽ ፍርያት ኣብ ምድላው ይርከቡ፡ ርኡሱ ግሉ ናይ'ቲ ትካል ኣሳታት 21.9 በልዮን ዶላር ይዘጽሕ፡፡

6. ለኖቮ (Lenovo)፡ እዚ ትካል'ዚ፡ ብስራሓት ዲዛይን ምምዕዋል ኮምፕዩተራት፡ ታብሌታትን ተሌፎንትን ምሕደራ ሶፍት ዌራት፡ ሰርቨራትን ዳታታት ዝዝክብ መሳርሒታትን. . . ይፍለጥ፡፡ ኣብ በይጂንግ - ቻይናን ማርዝቨል - ሶሚን ካሮላይናን ድማ ይርከብ፡፡ ብዘሐ. ኮምፕዩተራት ብሞኖ ከኣ ኣብ ቅድሚት ይሰራሕ፡፡ ርኡሱ ግሉ 29.3 በልዮን ዶላር ከምዝዘጽሕ ይገብር፡፡

7. ፋጂሱ (fujitsu)፡ ኣብ 1935 ዝተመሰረተ፡ ኣብ ከተማ ቶክዮ - ጃፓን ዝርከብ ትካል እዩ፡፡ ብሰፊሑ ዘፍርዮ ካብ ንብረት ኮምፕዩተር ሞባይል ሰርቨር ታብሌት፡ ሶፍር ፕሪንተር ይርከቦም፡፡ ፋይናንሻዊ ጸብጽቡ ከም ዝኸብሮ ኣሳታት 45.1 በልዮን ዶላር ዝዋመት ንብረት ከምዝሸጠን 26.8 ዝዘጽሕ ርኡሱ ከም ዝወንን እዩ ዝፍለጥ፡፡

8. ኩዋንታ ኮምፒዩተር (Quanta computer)፡ እዚ ድማ ቀንዲ ፍርያቱ ኮምፕዩተርን ሃርድ ዌርን ኩይኑ፡ ኣብ ታይዋን ድማ ይርከብ፡፡ ብቐዳምት ዝሰርሖሉ ንጥሪታ፡ ንካልኦት ትካላት ወሽጣዊ ናውቲ ናይዚ ዝጥቀሰ ዘሎ ንብረት ምፍራይ እዩ፡፡ ብፍላይ ንከብጣንያ ኤች ፒ፡ ደል፡ ኣፕልን ሶኒ'ን ኣብ ዝኸኑ ዝኸኑ ዝዘጽሕ ርኡሱ ግሉ ከኣ 19.2 በልዮን ዶላር ክኸውን እንከሎ፡ ኣሳታት 30.6 በልዮን ዶላር ዝዋመት ፍርያት ከምዝሸጠ ይሕበር፡፡

9. ኣሱስ ቴክ (AsusTek)፡ እዚ ከብጣንያ'ዚ እውን ኣብ ታይዋን እዩ ዝርከብ፡፡ ፍርያቱ ዝተፈላለየ ዓይነት ኮምፕዩተር፡ ሞባይል ሰርቨርን ካልእን እዩ፡፡ ናውቲ ኮምፕዩተር ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ይሸይጥ፡፡ ኣብ 32 ሃገራት፡ ኣሳታት 50 ጨናፍር ኣለዋኡ፡፡ ከብ. 15.8 በልዮን ዶላር ዝዘጽሕ ኣቕሓ ናብ ዕዳጋ ከውርድ እኽሎ፡ ኣሳታት 11.1 በልዮን ዶላር ርኡሱ ይውንን፡፡

10. ኮምፓል (compal)፡ እዚ እውን ኣብ ታይዋን ዝርከብ ኩይኑ፡ ማባዙሳዊ ዲዛይን ኮምፕዩተርን ናውቲ ተሌቪዥንን ንከብጣንያታት ለኖቮ፡ ደል፡ ቶሽባ ኤች ፒን ፋጂሱን ይሸይጥ፡፡ ኣብ ቻይና፡ ደቡብ ኮርያ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ብሪጣንያን ጨናፍር ኣለዋኡ፡ ርኡሱ ግሉ 12 በልዮን ዶላር ይዘጽሕ፡፡

ሎሚ ወጽኢት ኤለክትሮኒክስ ብልዑል ናህሪ ኣብ ዝነኮመሉ ዘሎ መድረኽ ቅጽበታዊ ጸልዋኡ እወታውን ኣሉታውን ኣሊር ይሕንሞዋ ኣሎ፡፡ ስለ'ዚ እምባኣር፡ እቲ እንውንና ንብረት - ፍልጠት እንሰንሰሉ፡ ጠቓሚ ሓበሬታ እንረኽበሉ፡ ዕቡዋት እንገናጸፈሉን ንኻልእ ረቡሓታት ምንጪ ዝኸኑ ንኽልእ ክኸውን ይግባእ፡፡

ተረኛ ፋርማሲ	ዕለት	ጎደና	ቁ.ስልኪ
ፋርማሲ ሰንትራል	18/11/2018	ጎደና ናቕፋ ቁ.18-20፡ ፊት ኪረን ሆቴል	120730
በት መሸጣ መድሃኒት ኣፍራቃ	18/11/2018	ጎደና ማትኣ -176 ቁ.25፡ ከብ. ሰሃግ ዳኑ	126003
በት መሸጣ መድሃኒት ኣብነ ኣረጋዊ	18/11/2018	ጎደና ጓሃክ ልዕሊ. እንዳ ሙሎቲ ፋብሪካ በራስታንታኑ	07139947

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565